# ወጋሕታ

ኢንድ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 37 18 ሓምለ 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00


# ህወሓት ብሕጋዊ መንገዲ ጉባኤ ብምክያድ ናብ ሕጋዊ ፓርቲነቱ ክምለስ ከምዝግባእ ተገሊፁ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ተመሊስና ናብ ኲናት ከይንኣትው ህወሓት ብሕጋዊ መንገዲ ጉባኤ ኣካይዱ ናብ ሕጋዊ ፓርትነቱ ክምለስ ይግባእ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም።

ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብይ (ዶ/ር) ኣብዚ ሰሙን ምስ ተፎኻኸርቲ ፖለቲካዊ ፓርትታት ኣብ ዝግበርሉ ዘተ ከምዝገለፅዎ፤ ሰላምን ሕጋዊ መንገዲን ስለ ዘዋፅእና ህወሓትን መሰል ፓርትታትን ብሕጋዊ መንገዲ ተመዝጊቦም ናብ ሕጋዊ ፓርቲ ንክምለሱ ኢና ኣዋጅ ኣመሕይሽና፡፡

ቦርዲ መረፃ ክሰርሖ ዝግባእ ሰሪሑ ዝፃረይ ኣፃርዩ ብሕጋዊ መንገዲ ንክፈቅደሎም 'ውን ደብዳቤ ፅሒፍና ኢና፤ ናይ ኣፈፃሚ ስራሕ ሚኢቲ ብሚእቲ ሰሪሕና ኢና፤ ስለዚ ህወሓት ክገብሮ ዘለዎ ናብ መረፃ ቦርዲ ኸይዱ ኣብ ክልተ ሰለስተ ሰሙናት ውሽጢ ከማልኦም ዝግባእ ዶክመንት ኣማሊኡ ብምቕራብ ብሕጋዊ መንገዲ ተመዝጊቡ ወይ ፍቃዱ ኣሐዲሱ 'ዩ ጉባኤኡ ከካይድ ኣለዎ ክብሉ ገሊፆም፡፡

ከምዚ ብዘይምግባሩ ቦርዲ መረፃ ሕጋዊ ፓርቲ እንተዘይልዎ ግና ኣብ መረፃ ክሳተፍ ኣይኽእልን። መንግስቲ ክኸውን ኣይኽእልን። እዚ ማለት ተመልስና ናብ ኲናት ንኣትው ኣለና ማለት 'ዩ፤ ንኹላትና ኣይጠቅምን ክብሉ ሓቢሮም።

ከም ገልፃ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ቅድሚ ሐዚ ቦርዲ መረፃ፣ መረፃ ከናውሕ 'የ ክብል ከሎ መብዛሕትኡ

ህወሓት ብሕጋዊ መንገዲ ... ገፅ 6



ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

# ኣብ መናእሰይ መጠን ዝርገሐ ኤች ኣይቪ/ ኤድስ እናወሰኸ ምኳኑ ተገሊፁ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ መናእሰይ ደቒ ኣንስትዮን ደቒ ተባዕትዮን መጠን ምስፍሕፋሕ ኤች ኣይቪ/ኤድስ ቫይረስ እናወሰኸ ከምዝኾነ ሚኒስቴር ጥዕና ገሊፁ።

ኣብ ሚኒስቴር ጥዕና ፌዴሪኢ መራሒ ፈፃሚ ስራሕ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ መተሓባበሪ ዴስክ ሓላፊ ኣይተ ሃብታሙ ካሳ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብቐረባ እዋን ዝወፀ ሓዱሽ መፅናዕቲ ኣሎ፤ በቲ መፅናዕቲ መሰረት ኣብ መናእሰይ ደቒ ኣንስትዮን ደቒ ተባዕትዮን መጠን ምስፍሕፋሕ እቲ ቫይረስ እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ፡፡

እቲ ምስፍሕፋሕ 1 ነጥቢ 7 ሚኢታዊ ከምዝኾነ እቲ መፅናዕቲ ከምዝገልፅ ዝገለፁ ኣይተ ሃብታሙ፤ ብፍላይ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ወፃኢን ኣብ ኣብያተ ህንፀትን ዝመሳሰሉ ክፋል ማሕበረሰብ ዝርከብዎም ዕድሚኦም 24ን ካብኡ ንታሕቲን ዓመት ዝኾኑ ከም ሓዱሽ እናተተሓዙ ከምዝኾኑ ገሊፆም፡፡

ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ማሕበረሰብ ምስፍሕፋሕ እቲ ቫይረስ እናወሰኸ ይኸይድ ምህላዉ እቲ መፅናዕቲ ዝገልፆ ኮይኑ ኲሉ ዝተሓዝ ዘሎ ግና መንእሰይ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ እቶም ዝበዝሑ መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮን ደቒ ተብዕትዮን ወላ እንተኾኑ ካብዚኦም ወፃኢ 'ውን ዝተሓዙ ከምዘለዉ እቶም ሓለፊ ኣብሪሆም፡፡

# ‹‹እቲ ተጣይሹ ዘሎ ሓይሊ ዕማም ገበነኛታት ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ብምእታው ስርሑ ክዛዝም 'ዩ››

- ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ዝተጣየሸ ሓይሊ ዕማም ገበነኛታት ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ብምእታው ስርሑ ክዛዝም 'ዩ ክብሉ ምክትል ርእሰ ምምሕዳርን ሓላፊ ካብኔ ሴክሬተሪያት ሰላምን ፀጥታን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ ገሊፆም፡፡

እቶም ሌ/ጀነራል 15 ሐምለ 2016 ዓ.ም ኣብ ዝሃብዎ
ጋዜጣዊ መግለፂ ከም ዝበልዎ፤ ፀጥታን ሰላምን ትግራይ ውሑስ ንክኸውን ስራሕቲ ምጅማርና ገሊፅና ነይርና፤ብምኳኑ ድማ ከተማ መቐለ ማእኸል ዝገበሩ ዓበይቲ ገበናት ንምቁፅፃር እቲ ሓይሊ ዕማም እናተሰርሐ 'ዩ።



‹‹እቲ ተጣይሹ ዘሎ ሓይሊ ...6

# ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ልዕሊ 9 ሚኢቲ ሽሕ ፈልሲ ንምትካል ምድላዋት እናተገበረ ከምዝኾነ ተገሊፁ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ምትካል ፈልሲ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ልዕሊ 9 ሚኢቲ ሽሕ ኣብ 450 ሄክታር ንምትካል ምድላዋት ይግበር ከምዘሎ ቢሮ ሕርሻ ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ዳይሬክተር ልምዓትን ኣጠቓቕማን ደኒ እቲ ቢሮ ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ኣብዚ ዓመት ልዕሊ 58ሚልዮን558 ሽሕን 241ን ፈልሲ ንምድላው ተተሊሙ እናተሰርሐ ነይሩ፣ ይኹን 'ምበር ብሕፅረት ዓቅሚ ምኽንያት 33ሚልየንን 207ሽሕን 433ን ፈልሲ 'ዩ ተዳልዩ፡፡

ኣብ ወርሒ ነሓሰ ብብርኪ ሃገር ኣብ ጊነስ ቡክ ንምምዝጋብ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ዝግበር ወፍሪ ምትካል ኣብ ትግራይ 9 ሚእቲ ሽሕ ፈልሲ ኣብ 450 ሄክታር ንክትከል ብፌደራል ብዝተወሃበ መደብ መሰረት ኣብ ምድላው ኣለና ክብሉ ኣይተ ተስፋይ ተዛሪቦም።

ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ... ገፅ 6



ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት


‹‹ምትሕብባር፤ ምፉኽኻርን ምምኽኻርን ኣብ ዘድልዮም ጉዳያት ትኹረት ብምግባር ክንሰርሕ ይግባእ››

ገፅ 4 ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

‹‹መናእሰይ ብስምዒት ተደፋፊኦም ብኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ከይተሓዙ ወለዲ ደቆም ብግቡእ ክከታተሉን ክምኽሩን ይግባእ››

ገፅ 5 -ኣይተ ሃብታሙ ካሳ

# "ሓሙሽተ ሚልዮን 'ኮደርስ' ንኢትዮጵያን ኣህጉርናን ተስፋ ዝህቡ 'ዮም"

*- ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)*

**መኣርግ ገ/ሄር**



ኣዲስ ኣበባ፦ ካብ ስልጠና ዲጂታል ቴክኖሎጂ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ሓሙሽተ ሚልዮን ዜጋታት ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ንኣህጉርና 'ውን ፍልፍል ተስፋ ከምዝኾኑ ቀዳማይ ሚኒስተር ፌዴራል ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ቤተ መዘክር ሳይንስ ሓሙሽተ ሚልዮን ናይ ኢትዮጵያውያን "ኮደርስ" ፕሮግራም እንተጀምሩ እንከለዉ ከምዝገለፅዎ፤ እቲ መደብ ሓሙሽተ ሚልዮን ኢትዮጵያውያን ዘመኑ ብዝጠልቦ ስልጠና ዲጂታል ቴክኖሎጂ ጠቃሚ ዝግብር 'ዩ።

በዚ ዓብዪ ዕድል ዝረብሑ መናእሰይ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ንኣህጉርና 'ውን ናይ ፅባሕ ተስፋ 'ዮም።

ኢትዮጵያ ንመፃኢ ዝሓልሙ መናእሰይን ንሃገሮም ሓለይቲ ዜጋታት ክኾኑ ተስፋ ከምዘለዋ ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስተር፤ እቲ ናይ ሓሙሽተ ሚልዮን ኢትዮጵያውያን "ኮደርስ" ፕሮግራም ንኢትዮጵያ ኣብ ዓውዲ ዲጂታል ቴክኖሎጂ ተስፋ ከም ዝህባ ገሊፆም።

ናይ ኢትዮጵያ ናይ ፅባሕ ተስፋ ዝኾኑ መናእሰይ ነቲ ስልጠና ብጥንቃቐ ተኸቲሎም ስራሕ ፈጠርቲ፣ መስረቲ ኩባንያታት ክኾኑን ኣብ ዓለም ለኸ ዕዳጋ ክወዳደሩን ትፅቢት ይግበር ኢሎም።

እቲ ናይ ሓሙሽተ ሚልዮን መደብ 'ኮደርስ' ንመንእሰያት ዓቢዩ ዕድል ምዃኑ ብምግላፅ፤ መናእሰይ ኣብቲ ፕሮግራም ብምምዝጋብ ክእለትን ዓለም ለኸ ሰርቲፊኬትን ንኽረክቡ ምቅላስ ኣድላዪ ምዃኑ ገሊፆም።

ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ መናእሰይን ደቅናን እንተዘይሰሪሕና እቲ ዝድለ ለውጢ ክንበፅሕ ኣይንኽእልን ኢና። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ወለዲ ንደቕም፣ መምህራን ንተምሃሮኦም ብምምዝጋብ ንናይ ፅባሕ ኢትዮጵያ ተስፋ ከልምልሙ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

እቲ ናይ ሓሙሽተ ሚልዮን ናይ ኢትዮጵያ መደብ 'ኮደርስ' ምስ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ብምትሕብባር ዝትግበር ኮይኑ፣ እቲ ስልጠና ንሓሙሽተ ሚልዮን ዜጋታት ብዲጂታል ቴክኖሎጂ፣ ኣርቲፊሻል ኢንተለጀንስን ተዛመድቲ ክእለት ዲጂታላይዜሽንን ንኸስልጥኑ ዝሕግዝ 'ዩ።

ብተወሳኺ እቲ መደብ ንሰለስተ ዓመት ኣብ ግብሪ ክውዕል ምዃኑ ዝተገለፀ እንትኸውን፤ እቲ ስልጠና ምዕቡላት ኣፕሊኬሽናት ምጥቃም ጥራሕ ዘይኮነስ ዲጂታላዊ ክእለትን ፍልጠትን ዘለዎም ዜጋታት ንምምዕባል ዝዓለመ ምዃኑ ኣብቲ መደብ ተገሊፁ።





# ኣብ ዝብልዑን ኢኮኖምያዊ ረብሓ ዘርክቡን ተኽልታት ትኹረት ብምግባር ወፍሪ ተኸላ ፈልሲ ተሳሊጡ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፦ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ማይጨው ብማሕበር መናእሰይን ሊግ መናእሰይን ዞባን ወረዳናን ኣብ ዝተዳለዉ ወፍሪ ተኸላ ፈልሲ ዝብልዑን ኢኮኖምያዊ ረብሓን ዘርክቡ ተኽልታት ንምትካል ትኹረት ገይሩ ይንቀሳቐስ ከምዘሎ ምምሕዳር ከተማ ማይጨው ሓቢሩ።

ከንቲባ ከተማ ማይጨዉ ኣይተ የማነ ንጉስ ከምዝበሉዎ፣ኣብ ክረምታዊ መደብ ፈልሲ ተኸላ ልዕሊ 75 ሽሕ ተኽሊ ንምትካል ትልሚ ከም ዘሎን ልዕሊ 60 ሚእታዊ ዝብልዑ ተኽልታት ከም ዝትከሉን ኣብ ወፍሪ ተኸላ ፈልሲ ህዝቢ እናተሳተፈ ከምዘሎን ሐዚ ድማ ብማሕበር መናእሰይን ሊግ መናእሰይን ዞባን ወረዳናን ዝተዳለዉ ወፍሪ ከምተሳለጠ ሓቢሮም።

መንእሰይ እቲ ከተማ ስራሕን ልምዓትን ዝደሊ፣ክትቐርቦ ከለኻ ዝቐርበካ፣ምኽንያታዊ ዝኾነን፣ ብፍላይ መናእሰይና ከይስደዱ፣ተጠቀምቲ መዐወኒ ከይኾኑ፣ኣብ ዘየድሊ ቦታ ከይውዕሉን ዝኣመሰሉ ስራሕቲ ከም ዝነበሩ ኣረዲኦም።

ሕዚ ግና ኣብ ቀፃሊ ዓመት ኣብ ከተማና ምስ ዘለዋ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ተኣሳሲርና ስራሕ ዕድል ዝፍጠረሉ ኩነታት ካብ ብሕዚኡ ኣብ ምስራሕ ንርከብ ክብሉ 'ውን ሓቢሮም።

ብሓፈሻ ኣብ ዳግመ ህንፀት ትግራይ ዘሎ ምንቅስቓስ መንእሰይ ሰብ ዋና ኾይኖም ኣሐይሎም እናቐፀሉ ዝርከቡ ዘሎዉ ንናይ ቐፃሊ ልምዓት 'ውን ክደግሙዎ ክንሰርሕን መናእሰይና 'ውን ብዓርሰ ተበግሶ ክዋስኡን ይግባእ ኢሎም፡፡

ኣቦ ወንበር ማሕበር መንእሰይ ከተማ ማይጨዉ በርሀ ኣውዓሎም ብግዲኡ ኣብ ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብርክት ዝበሉ መናእሰይ እቲ ከተማ ተኽሊ ይተኽሉ ከም ዘለዉን ኣብ ክረምቲ ሎሚ ዓመት ከም ማሕበር ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ንምስራሕ ትልሚ ከም ዘለዎምን ብፍላይ ወፍሪ ተኸላ ፈልሲ፣ፅሬት ከባቢ፣ ስፖርታዊ ውድድራት ምክያድ፣ሓገዝ ንስድራ ስዉኣትን ንዝተፀገሙ ወገናትን ከምዝካየዱን በዚ ድማ መናእሰይ ኣዚዮም ሕጉሳት ከም ዝኾኑን ኣብዚ ታሪኻዊ ወፍሪ ኹሉ መንእሰይ ክሳተፍ ኣብ እንብህጎን እንምነዮን ልምዓት ከተማና እጃሙ ክዋፃእ ንፅውዕ ኢሎም።

ገሰሰ ንጉስ (ዶ/ር)፣ ካብ ዩኑቨርስቲ ራያ ካብ መንጎ ኣብቲ ወፍሪ ዝተሳተፉ 'ዮም። እዚ ሎሚ መናእሰይ ከተማና ዝሰርሕዎ ስራሕ ኣዚዩ ዘሐብን 'ዩ።ትግራይና በፂሑዋ ካብ ዘሎ ፀገም ኣብ ምንጋፍ ተኸላ ፈልሲ መተካእታ ስለዘይብሉ ትኹረት ክንገብረሎም ኣብ ዝግባእ ተኽልታት እንተነተኩር ይብሉ።

ብፍላይ ከም ኣፕል፣ማንጎን ቡንን ዝኣመሰሉ ተኽልታት እናተተኸሉ ከም ዝረኣዩን እዚ ድማ ዓብይ ረብሓ ኢኮኖሚ ዘለዎን ብኣግባቡ እንተተኸናኺንናዮም ድማ ካብ ከተማና ሓሊፉ ናብ መላእ ትግራይ ክበፅሕ ዝኽእል ሰፊሕ ሽፋን ከም ዝኾነን ኻልኦት ከተማታትና ዉን ካብዚ ተሞክሮ ወሲደን ትግራይ ብኢኮኖሚ ዓርሳ እትኽእለሉ ኹነታት ምፍጣር ከም ዝከኣልን ገሊፆም።

ሓንቲ ዓዲ ክትዓቢ ተኾይና ግደ መናእሰይ ወሳኒ ከም ዝኾነን መናእሰይና ናብ ልምዓት ዝወፍርሉ ኹነታት ንምፍጣር ኹሉ ወገን ኣበርቲዑ ክሰርሕ ከም ዝግባእ ዶ/ር ገሰሰ ገሊፆም።

መንእሰይ ኣበባ ዘነበ ነባሪት ከተማ ማይጨዉ 'ያ። ኣብቲ ተኸላ ፈልሲ ምስታፉ ኣዚያ ሕጉስቲ ከም ዝኾነት ብምግላፅ ዓድና ሓምለወይቲ ንክትኸዉን ተኽሊ ምትካል ወሳኒ ከም ዝኾነን መፃኢ ትግራይ ኣብዚ ውዑይ ሓይሊ መንእሰይ ዕድል ከም ዝተመስረተ ብምርዳእ ኹላትና መናእሰይ ብሓድሽ መንፈስን ወነን ኣብ ኩለመዳይ ምንቅስቓስ ከተማና ሰብ ዋና ኾይንና ክንነጥፍ ይግባእ ኢላ ከም ሓበሬታን ርክብን ከተማ ማይጨዉ፡፡

# ውሕጅ ኣብ ልዕሊ ዝራእቲ ጉድኣት ንኸየብፅሕ ጥንቃቐ ምግባር ከምዝግባእ እቲ ኢንስቲትዩት ኣተሓሳሲቡ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፦ ኣብቶም ዝመፁ ዓሰርተ መዓልትታት ውሕጅ ኣብ ልዕሊ ዝራእቲ፣ እንስሳትን ንብረትን ጉድኣት ንኸየብፅሕ ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር ከምዝግባእ ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

እቲ ኢንስቲትዩት ናብ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝለኣኾ መግለፂ ከምዝገለፆ፤ ኣብቶም ዝቕፅሉ ዓሰርተ መዓልትታት ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ትፅቢት ምስ ዝግበር ከቢድ ማይ ተተሓሒዙ ሃንደበታዊ ውሕጅን ምንቅጥቃጥ መሬትን ክፍጠር ይኽእል እዩ። ብፍላይ 'ውን ብተኸታታሊ ማይ እናረኸቡ ኣብ ዝርከቡን ከቢድ ማይ ትፅቢት ኣብ ዝግበረሎም ቦታታትን ሓረስቶትን ዝምልከቶም ኣካላትን ብሓባር ብምዃን ኣብ ልዕል ዝራእቲ፣ እንስሳትን ንብረትም ጉድኣት ንኸየብፅሕ ግቡእ ጥንቃቐ ክገብሩ ኣለዎም።

እቲ ኢንስቲትዩት ራሕሲ ልዕሊ መጠን ክኸውን ስለዝኽእል በዚ ምኽንያት 'ውን ማይ ኣብ ልዕሊ ሕርሻ ንኸይድቅስ ዝውሕዘሉ ጉድጓዳት ብምውፃእ ንኽውሕዝ ምግባርን ስራሕቲ ምክልኻልን ምስራሕ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መዳይ ፃህያይ ብእዋኑ ምፅሃይ፣ ፀረ-ፃህያይን ፀረ-ባልዕን ኬሚካላት ብእዋኑ ካብ ሰብ ሞያ ግብርና ብዝርከብ ምኽሪ ሓሳብ መሰረት ንኹነታት እቲ ማይ ብዘገናዘበ መልክዑ ምስራሕ ከምዘድሊ ገሊፁ።

ኣብ ዝቕፅሉ መዓልትታት ኣብ ቀውዒ ዘፍርዩን ኣብ ኽረምቲ ተጠቀምቲ ኣብ ዝኾኑን ከባቢታት ሃገርና ዝተስፋሕፍሐ ኩነታት ራሕሲ ከምዝህልዎም ትፅቢት ይግበር። እዚ ኩነታት 'ውን ንምንቅስቓስ ስራሕቲ ሕርሻ ዝዓዘዘ ረብሓ ከምዝህልዎ ኣብ መግለፂኡ ኣመላኺቱ።

ምስዚ ተተሓሒዙ 'ውን ቐዲሞም ተዘሪኦም ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ ዕብየት ንዝርከቡ ዝራእቲ ቀውዒ ፅቡቕ ግደ ከምዝህልዎ ዝገለፀ እቲ መግለፂ፤ ንምንቅስቓስ ሕርሻ ወቕቲ ቀውዒ ዘንጊዖም ንዝጀመሩ ከባቢታት ራሕሲ ውሽጢ ሓመድ ከምዘመሓይሽን ዝራእቲ ቀውዒ ብእዋኑ ንምዝራእ ምቹው ኩነታት ከምዝፈጥርን ትፅቢት ይግበር ተባሂሉ።

ኣብቶም ዝቕፅሉ ዓሰርተ መዓልትታት ኣብ መብዛሕቲኦም ተፋሰሳት ኣባይ፣ ተከዘ፣ ኣዋሽ፣ ባሮኣኮቦ፣ ላዕለዋይን ማእኸላይን ኦሞጊቤ፣ መታሕት ዓፋር ደናከል፣ ዋቢ ሸበሌን ገናሌ ዳዋን ካብ ማእኸላይ ክሳብ ዝለዓለ ኩነታት ራሕሲ ከምዝህልው ተገሊፁ።

እዚ ኩነታት ራሕሲ 'ውን ብመንፅር ማይ ገፀ ምድርን ከርሰ-ምድርን ምምሕያሽ ከምኡ 'ውን ዓቕሚ ማይ ግድባትን ሩባታትን ምጥንኻር ፅቡቕ ኣዎንታዊ ግደ ይህልዎ።

ብኻልእ ወገን ኣብ ሓደ ሓደ ተፋሰሳት ክህልው ምስ ዝኽእል ዝለዓለ ኩነታት ራሕሲ ተተሓሒዙ ሃንደበታዊ ውሕጅ ከምኡ 'ውን ኣብ ወሰን ሩባታት ክስተታት ማይ ምምላእ ብፍላይ 'ውን ናብ ውሕጅ ተቓላዕቲ ኣብ ዝኾኑ ከተማታትን ከባቢታትን ፅዕንቶ ንኸየጋጥም ካብ ብሕዚኡ ኣድላዪ ምድላው ምግባር ከምዘድሊ ኣብ መግለፂኡ ኣፍሊጡ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ኣንፃር ጉሕለት ዝተጀመረ ስጉምቲ ተጣናኺሩ ይቕፀል

ጉሕለት ማለት ንብረት ህዝቢ ወይ ሃገር ብዘይ ኣግባብ ንናይ ውልቐ ጥቕምኻ ምውዓል ኮይኑ እዚ ድማ ኣብ ሓንቲ ሃገር ወይ ሕብረተሰብ ዘሕድሮ ኣሉታዊ ፅልዋ ቐሊል ኣይኮነን። ብዙሕ ኣሉታዊ ፅልዋታት ኣለዎ፤ ስኣን ገንዘብ ስራሕቲ ልምዓት ጠጠው ክብል ይገብር፤ ስራሕ ስእነት ክስፋሕፋሕ ይገብር፤ ብልሽውና ይስፋሕፋሕ፣ ዘይማዕርነት ይሰፍሕ፣ ህዝባዊ ተሓታትነትን ፖለቲካዊ ምላሽን ይልሕልሕ፣ ካልኦት ፀገማትን እናነገሱ ይኸዱ። ነዚ ንምክልኻል ድማ ሕጊ ምጥባቕ የድሊ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ብፍላይ ኣብ ክልል ትግራይ ከምዚ ዓይነት ፀገም ነጊሱ ኣሎ፤ ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ነዚ ብኣግባቡ ተረዲኡ ስጉምቲ ምውሳድ ጀሚሩ ኣሎ፤ ብፍላይ ኣብ ጉሕለት ሓፂነ መፂን ተጀሚሩ ዘሎ ሕጊ ናይ ምኽባር ወፍሪ ኣብ ከም ወራር መሬት፣ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባትን ካልኦት ገበናትን ኣብ ዝነጥፉ ኣካላት 'ውን ዝተጠናኸረ ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎ። እቶም ዝተጀመሩ ስጉምቲታት ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ኣለዎም፤ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ሕጊ ናይ ምኽባር ስጉምቲ ሰላም ትግራይ ንምውሓስ፣ ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅን ንዳግመ ሕውየትን ዕዙዝ ግደ ኣለዎ፤ እቲ ዝተጀመረ ተግባር ተጠናኺሩ ክቕፅል ድማ ኩሉ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ጠጠው ኢሉ ክሕግዝ ይግባእ።

እዚ ሰላም ትግራይ ንምውሓስን ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅን ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ ተጣናኺሩ እንትቕፅል ትግራይ መሊስካ ንምህናፅ ኣብ ዝግበር ርብርብ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ። ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅን ኣብ ሓፂነ መፂን ዝተጀመረ ስጉምቲ፣ ኣብ ዘይሕጋዊ ወራር መሬት፣ ዘይሕጋዊ ስግግር ሰባትን ካልኦትን ተጠናኺሩ ክቕፅል እንተዘይክኢሉ እቲ ክልል ናብ ልምዓት ክሰጋገር ኣይኽእልን።

ሌባ ዕቤት ማሕነቖ ህዝቢ ወይ ሃገር 'ዩ፤ ሌባ ንማንም ኣይጠቕምን፤ እቲ ዝጠቕም ኩሉ ካብ ሊብነት ተቖጢቡ ንምዕባለ ዓዱን ህዝቡን እንትሰርሕ ጥራሕ 'ዩ፤ ኮይኑ ግና ሓደ ሓደ ኣካላት ብዛዕባ ግዝያዊ ጥቕሞም እምበር ረብሓ ህዝቢን ዕቤት ሃገርን ዘይግድሾም ስለዝኾነ ኣብ ስርቒ ተዋፊሮም ከበድቲ ጉድኣታት እናብፅሑ ይርከቡ። እዚኦም ብሕጊ ክግዝኡ ስለዝግባእ ዝተጠናኸረ ጉምቲ ክውሰዶም ኣለዎ።

ፖለቲካዊ መልክዕ ንምትሓዝ ምፍታን የረአ 'ዩ፤ እዚ ማለት ገበንካ ሸፊንካ ብስርቒ፣ ህዝቢ እናጎዳእኻ ንምንባርን ካብ ተሓታትነት ንምምላጥን እንተዘይኮይኑ ካሊእ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ስጉምቲ ምስ ፖለቲካ ዝተሓሓዝ ከምዘይኮነ ብግቡእ ምግንዛብ የድሊ፤ ተጀሚሩ ዘሎ ስጉምቲ ምርግጋፅ ልዕነት ሕግን ምውሓስ ሰላምን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይን ጥራሕ 'ዩ። እቲ ዕላማ ሕጊ ብምኽባር ረብሓ ህዝቢ ንምርግጋፅ 'ዩ፤ ካብዚ ወፃኢ ካሊእ ዕላማ የብሉን። ስለዝኾነ ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ልዕልነት ሕጊ ናይ ምርግጋፅ ስራሕ ሕብረተሰብ ሓጋዚ ክኸውን ይግባእ።

ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ጉዳይ ሰላምን ፀጥታን ምስ መላእ ህዝቢ ብምትሕብባር ሰፊሕ ርብርብ እናገበረ ይርከብ፤ ህዝቢ 'ውን ልዑል ሓገዝ ብምግባር ዘተባብዑ ስራሕቲ እናሰርሐ ይርከብ። እዚ ብዘይ ተሳትፎ ህዝቢ ዕውት ክኸውን ስለዘይኽእል ተሳትፍኡ ኣሐይሉ ክቕፅሉ ይግባእ።

ልዕልነት ሕጊ ብምርግጋፅ ኩነታት ፀጥታ ትግራይ ናብ ዝሓሸ ለውጢ ንምስግጋር መንግስቲ ፀጥታ ትግራይ ከጣናኽር ኣለዎ፤ ብኸምዚ መንግስቲ ኩሉ ብሕግን ስርዓትን መልክዕ ክሕዝ ናይ ምግባር ሓላፍነቱ ኣጠናኺሩ ክቕፅሉ ኣለዎ።

ብሓፈሻ ኣብ ጉሕለት ሓፂነ መፂን ተጀሚሩ ዘሎ ሕጊ ናይ ምኽባር ወፍሪ ከም መበገሲ ብምውሳድ ኣብ ካልኦት ዘይሕጋዊ ተግባራት ከም ውራ ወርቂ፣ መኣድንን መሬትን፤ ክትራን፣ ስርቂ፣ ጭውያ፣ ዝውውር ሰባትን ካልኦት ተዛመድቲ ገበናትን 'ውን ስርዓት ናይ ምትሓዝ ስራሕቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን።

## ዝተተኽሉ እናተኸናኸና ምትካል ፈልስና ኣጣናኺርና ንቕፅሎ

መዓርግ ገ/ሄር

**ፈልስታት ተኺልካ ምኻድ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን፤ ብግቡእ ምስተኸልካ ፀዲቖም ዓርሶም ክኽእሉ ግቡእ ክትትልን ምንክብኻብን ክግበረሎም ኣለዎ**

ወዲሰብ ምስ እፅዋት ኣዝዩ ዝተኣሳሰረ ሂወት ዘለዎ ኮይኑ ስለ ዝተፈጠረ ተነፃፂሉ ምንባር ዝኽእል ኣይኮነን። ሕድሕዶም እናተመጋገቡ ዝነብሩ 'ዮም። ከምኡ 'ውን እፅዋት ይኹኑ ወዲሰብ ብዘይ ሓመድ ዝነብር ኣይኮነን። ሓመድ ተባሕጉጉ ከይኸይድን ጥዑይ ነባሪ ኣየር ክህሉን እፅዋት ክህልዉ ኣለዎም። እፅዋት ክህልዉ 'ውን ሓመድ ክህልው ኣለዎ። ሚዛን ከባቢ ኣየር ብምስትኽኻል፣ ንእንስሳት ሓዊሱ ደቂ ሰባት ምቹው ስነ ምህዳር ክህልዎም ዝገብሩ 'ዮም። ብፍላይ ፈልሲታት ናብ ደረጃ ገረብ ክዓብዩ ከለዉ ካብ ከባቢ ኣየር ዝመፅእ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ብምንካይ ለውጢ ነባሪ ኣየር ኣብ ምምካት ልዑል ኣበርክቶ ይገብሩ። ከምኡ'ውን ንዝተፈላለዩ እንስሳታት ከም መፅለልን ምግብን ኮይኖም የገልግሉ።

በቢ ዓመቱ ኣብ ናይ ክረምቲ ኣዋርሕ ብፍላይ ኣብ ሓምለን ነሓሰን ዝናብ ዝበዝሐሎም ክራማት ስለዝኾኑ ፈልሲ ናይ ምትካል ልምዲ ኣሎ። ኮይኑ ግና መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ምትካል 'ምበር ኣብ ምንክብኻብ ብዙሕ ቆላሕታ ኣይግበርን። ተተኺሎም ፀዲቖም ጥቕሚ ክህቡ እንተዘይክኢሎም ምትካል ጥራሕ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ክንደይ ዝኣክል ተተኺሉ ክንደይ ዝኣክል ፀዲቑ ኢልካ ምክትታልን ምክብኻብን የድሊ። ፈልሲታት ምስተተኸሉ ክንክን ከምዘድልዮም ብምርዳእ ሕብረተሰብ ነቶም ዝተተኸሉ ፈልሲታት ዓብዩ ቆላሕታ ብምሃብ ክከናኸኖም ኣለዎ።

ኮይኑ ግና ኣብ ክንዲ እዚ ምኽኒን ብሰንኪ ፀገም ኣጠቓቕማ ደቂ ሰባት እናነከዩን እናጠፍኡን ይኸዱ ከምዘለዉ ንዕዘብ ኢና። ሰኣን ግቡእ ምንክብኻብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናቖነሱ ወይ 'ውን እናጠፍኡ ይርከቡ። ኣግራብ ብዘይ ኣግባብ ብምቑራፅ ምኽንያት ካብ ከባቢ ክጠፍኡ ምግባር ማለት ከም ብድርቂ፣ ባርዕ፣ ውሕጅ፣ ሓደጋ ህቦብላን ዝመሳሰሉ ተቓላዒ ምኳን ማለት'ዩ። እዚኦም ኣዝዮም ንዓለምና ዝፍትኑ ዘለዉ ነገራት 'ዮም። ብሰንኪ እዞም ፍፃመታት እዚኦም ደቂ ሰባት ንፍልሰት/ስደት፣ ጥሜት፣ ስራሕ ኣልቦነት፣ ቁጠባዊ ፀገማት፣ ሞትን ካልኦት ከበድቲ ፀገማትን ይቃልዑ ኣለዉ። ኢትዮጵያ ድማ ካብቶም ነዚ ኩነታት እዚ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ሃገራት ዓለምና ሓንቲ 'ያ።

ኢትዮጵያ በብዓመቱ መደብ ሓምላዋይ ዓሻራ እተካይዶ ዘላ ንከምዚኦም ዝበሉ ነገራት ንምብዳህ 'ዩ። ብፍላይ ድሕሪ ለውጢ፣ ማለት 2011 ዓ.ም ጀሚራ ኣሐይላ እናቐፀለትሉ ትርከብ። ዝሓሰበቶ ሸቶ እናዓወተት ድማ ትርከብ። ነዚ ንምዕዋት ኣብ ሓደ መዓልቲ ጥራይ ዘይኮነስ በቢነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ብምክፍፋል 'ያ እናተኸለት ትርከብ። በቢምዕራፉ እናኸፋፈለትን እናተኸለትን ትርከበሉ ምኽንያት ድማ ነቲ ዝሓዘቶ ዕማም ንምዕዋት 'ያ። ብምኳኑ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ክዕወቱ ዝግበኦም ሸቶታት ብምቕማጥ ዕማማ እናሳኸዐት ትርከብ።

ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ማለት ኢትዮጵያ ንኩነታት ለውጢ ኣየር ተቓላዒት 'ያ ከንብል እንተለና ብፍላይ ትግራይ እንተሪእና ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ናይዚ ዋና ተቓላዒት ካብ ዝኾና ክልላት ኢትዮጵያ ሓንቲ 'ያ። እዚ ድማ ንሕና ደቒ ሰባት ተፈጥሮ ሃፍትና ብግቡእ ብዘይምጥቃምና ዝፈጠርናዮ 'ምበር ካሊእ ዝፈጠሮ ኣይኮነን። ነቲ ብገዛእ ርእስና ዝፈጠርና ፀገም ከንፈትሖ ንኽእል በዓልና ኢና። እዚ ክፍታሕ ዝኽእል ድማ ዘለዉ እንዳተንከባኸብናን ሓደሽቲ እናተኸልናን 'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ዝተተኸሉ ብምንክብኻብ ሒዝናዮ ዘለና መደብ ተኸለ ኣጣናኺርና ክንቕፅሉ ኣለና።

ፈልስታት ተኺልካ ምኻድ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን፤ ብግቡእ ምስተኸልካ ፀዲቖም ዓርሶም ክኽእሉ ግቡእ ክትትልን ምንክብኻብን ክግበረሎም ኣለዎ። ተኺልካ ምኻድ ማለት ስራሕካ ምሉእ ብምሉእ ኣዐዊትካ ማለት ኣይኮነን። ሓደሽቲ ዝተተኸሉ ፈልስታት ብፍላይ ብዝግባእ ክሳብ ዝፀድቑ ተወሳኺ ክንክንን ቆላሕታን የድልዮም 'ዩ። ብቐንዱ ግን ዝተጎድኡ ከባቢታት ክሓውዩ ናይ ምግባር ዕማምና ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። ዓብዩ ትኹረት ብምሃብ እንተተኺልና ዝተጎእዱ ንምሕዋይ ብዙሕ ግዜ ዝወስድ ኣይኮነን።

ብግቡእ እንተተኺልናን እንተተኸናኺንናን ዘይቅበል ከባቢ የለን። ቐንዲ ነገር ምስቲ ከባቢ ዝስማዕማዕ ተኽሊ ምትካልን ምክብኻብን 'ዩ። ቕድሚ ሕዚ ኣብ ምብራቕ ትግራይ ዝተገብረ ምሕዋይ ዝተጎድአ ከባቢ ንዓለም ኣብነት ምኳኑ ዝፍለጥ 'ዩ፣ ዝተጎድአ ከባቢ ብፃዕሪ ናብ ንቡር ክምለስ ከምዝኽእል እዚ ዓብዩ ምስክር 'ዩ።

ሽፋን ኣግራብ ኢትዮጵያ ኣብ 2011 ዓ.ም ካብ ዝነበሮ 17.2 ሚኢታዊ ናብ 23.6ሚኢታዊ ከምዝዓበየ ብመንግስቲ ተገሊፁ 'ዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት መንግስቲ ኣብዚ ዘፈር እዚ ዓብዩ ቖላሕታ ሂቡ ብምስርሑ 'ዩ። ተፈጥሮ ሃፍቲ ኣብ ምዕቓብን ዝተጎድኡ ከባቢታት ኣብ ምሕያውን ዝኸዶ ዘሎ ክያዶ ኣዝዩ ወሳኒ ብምኳኑ ኩሉ ዓብዩ ቖላሕታ ክህቦ ዝግባእ 'ዩ። ዓብዩ ቖላሕታ እንተሂብናዮ ከም ናይ ቕድሚ ሕዚ ኣብ ከባቢ ውቕሮ ወረዳ ኣብርሃ ወኣፅብሃ ዝተመዝገበ ውፅኢት ምምዝጋብ ይከኣል 'ዩ። ስለዚ እቲ ዕማም ካብ ምሕላው ከባቢ ኣየር ሓሊፉ ንምርግጋፅ ውሕስነት ምግቢ፣ ምፍጣር ስራሕ ዕድል፣ ጥዕና፣ ማሕበራውን ቁጠባውን...... ረብሓታት ዝኣመሰሉ ዘለዎ ትርጉም ልዑል ምኳኑ ተገንዚብና ስራሕቲ መክብኻብን ምትካልን ፈልሲ ኣሐይልና ክንቕፅሉ ይግባእ።

# እዋናዊ ዛዕባ

## ‹‹ምትሕብባር፤ ምፉኽኻርን ምምኽኻርን ኣብ ዘድልዮም ጉዳያት ትኹረት ብምግባር ክንሰርሕ ይግባእ››

**ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)**

**መሰረት ገብረዮሃንስን አብርሃ ሓጎስን**



ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ምስ ተወከልቲ ፓርትታት ፖለቲካ ዘተ ኣካይዶም 'ዮም ። እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያኦም ኣብ ዘመሓለለፍዎ መልእኽቲ፤ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ምስ ተወከልቲ ፓርቲታት ብምርኻብ ኣብ ሃገራዊ ዛዕባታት ጠመተ ዝገበረ ዘተ ምክያዶም ድሕሪ ምዝካር፤ ኣብቲ እዋን በቢብርኩ እቶም ዘተታት ንክቕፅሉ ኣንፈታት ምቕማጦም ገሊፆም። ኽዚ ዝተኻየደ ዘተ መቐፀልታ እቲ ናይ ወርሒ ሚያዚያ ከምዝኾነ ብምግልፅ፤ ቀፃልነት ዘለዎን ኩለ መዳያዊ ረብሓ ዘለዎን ሃገራዊ ዛዕባታት ምርድዳእ ምፍጣር ዘድሃበ ዘተ ከምዝተገበረ ተዛሪቦም። እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብቲ መድረኽ ተረኺቦም ዝሃብዎ ሓሳብ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና።

‹‹ኣብ መጀመርያ ዝተልዓለ ሓሳበ ከመይ ኢልና ብምትሕብባር ንሃገር ረብሓ ክንሰርሕ ንኽእል፤ ምትሕብባር ብሕጊ ፣ብፖሊሲ፣ ብኣፈፃፅማ፣ ንሕቶትን መልሲ ብምሃብ ብምትእምማን ንሃገር ረብሓ ብሓድነት ጠጠው እንብለሉ ዕድል ከመይ ምፍጣር ይካኣል ዝብል ዋና ሓሳብ ተላዒሉ 'ዩ። እዚ ዋና ሓሳብ ሃገሩ ዝፎቱ ስለ ደቂ ዘተሓሳስቦ ፅባሕ ኣሪሕቑ ዝሪእን ዝሓስብን ውልቀ ሰብ ክሓስበሉን ክጭነቐሉን ዝግባእ ጉዳይ 'ዩ። ከመይ ኢልካ ብምትሕብባር ጠጠው ምባል ይካኣል? ሓደ ሰብ ሓዳር እንትገብር ምስ በዓልቲ ገዝኡ ምንም ዓይነት ዘጨቓጭቕ ኣይፍጠርን ማለት ኣይኮነን። እዚ ንዝበለፀ ዓላማ ንደቁን ንፅባሕን ክብል ከመይ ኢሉ ተኸኣኢሉ ክነብር ኣለዎ ፤ እዚ ብሃገር ብርኪ ምስፉሕ 'ዩ። ምትሕብባር፣ ፍኹክርን ምኽክር ኢልና ተንኸፍሎ ፅቡቕ 'ዩ። ብኹሉ ጉዳይ ምትሕብባር ምምፃእ ስለዝኸብድ ብምንታይ ጉዳይ ክንተሓባበር ኣለና፤ ብምንታይ ጉዳይ ንፎኻኸር ፤ብምንታይ ጉዳይስ ንመኻኸር እዚ እንድሕር ኾይኑ ንደቅና ፅቡቕ ነገር ክነውርስ ንኽእል ኢና። ንኣብነት ምትሕብባር ዘድሊ ብሃገር ረብሓን ኽብርን ጉዳይ 'ዩ። በሃገር ረብሓን ኽብርን ጉዳይ ፅባሕ ኣርሒቕኻ ብምሕሳብ ግቡእ ናተይን መንግስቲን ከይበለና ምትሕብባር የድሊ 'ዩ። ንኣብነት ግብርና እንተሪእና ቅድሚ እቲ ለውጢ 14 ሚልየን ሄክታር ኢትዮጵያ ትሓርስ ነይራ። ሎሚ 25ሚልየን በፂሒና ኢና። እዚ ካብዚ ንላዕሊ ንክበፅሕ ናይ ኹላትና ምትሕብባር የድሊ 'ዩ። ንምንታየ እንድሕር ዘየምሪትና ክንልምን ኢና እንድሕር ለሚና ድማ ነፃነት ዝባሃል ነገር የለን። ኣብ ኣሰራርሓ ሕቶ ክፍጠር ይኽእል 'ዩ። እቲ ልምዓት ንክመፅእ ግና ብሓባር ምስራሕ የድሊ 'ዩ። ንሃገር ብጣዕሚ ወሳኒ ስለዝኾነ። ብምግቢ ልኣላውነቱ ዘየረጋገፀ ሃገር ብፖለቲካ ከረጋግፅ ኣይኽእልን። ካብ ልመና ምውፃእ እንኽእል መገዲ ብፓርቲ ከይተሓፀርና ተንሰርሕ ንደቅና ዝረብሕ 'ዩ ዝኾን።

ካልኣይ ፍኹክር 'ዩ፤ እንፎኻኸረሎም ጉዳት ክህልዉ ኣለዎም። ኣብዚ ውሽጢ ምንቃሕ፣ ምምሃርን ዝበለፀ ሓሳብ ምውላድ ስለዝኽእል ።ንኣብነት ኣብ ጉዳይ ፖሊሲ ንርኣ፤ ጉዳይ ፖሊሲ እንትባሃል መንግስቲ ብልፅግና ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ኣብ ግብርና፣ ኢንዱስትሪ፣ ቱሪዝም እናበልና ምኻድ ስለዘየዋፅኣና ዘፈር ብዙሕ ንክንገብሮ ተሓባባሪ እውን ክዓብይ ኣለዎም። እዚ ለውጢ ንምምፃእ እንገብሮም ክርክራት ጉድኣት የብሎምን። ንህዝብና ባዕልና እንትንገልፅ ንመሃሃር ንፎኻኸር ዝሓሸ ዝግግዝእ ሓሳብ ዘለዎ ውልቀ ሰብ የሸንፍ ማለት 'ዩ። ኣብ ጉዳይ ፖሊሲ ኣይንፎኻኸርን እንተይልና ኣይኸውን። ምኽንያቱ ሕድ ሕድ ፓርቲ ጠጠው ዝበልሉ ዓምዲ እንተሃለወ 'ውን ዝተፈላለይሉ ሓሳብ ስለዝህሉ እዚ ፈሊኻ ምርኣይ ዘኽእል ፍኹክር ፖሊሲ የድሊ 'ዩ።

ሳልሳይ ብጣዕሚ ዘድልየና ጉዳይ ምኽክር 'ዩ። ኽዚ እንገብሮ ናይ ምኽክር እታ ሓንቲ ጫፍ ክትኾን ትኽእል 'ያ ፤ ዋና ምኽክር ግና ዘድልየና ናይ ትማሊ ስብራት ስለዘለዉ 'ዩ። ከይተመኻኸርና እቲ ስብራት እቲ ቑስሊ ምፅጋን ስለዘይንኽእል መኺርና ተዛቲና ህዝብና ኣዛቲና ዘላቒ ዝኾነ ፍታሕ ንምቕማት ምኽክር ኣድላይ 'ዩ። ኽዚ ፀገም እናፈጠረ ዘሎ ኣብ ምንታይ 'ዩ እንድሕር ኢልና ዉሑዳት ፓርትታት ኣብ ውሽጢ ፅባሕ 'ዮም ዘለዉ። ፅባሕ ንምምሕያሽ ንምቕያርን ዝፅዕሩ ኣለዉ። ዉሑዳት ፓርታት ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ውሽጢ ትማሊ 'ዮም ዘለዉ። ስልጣን ብትማሊ መንፈስ ዝሓስቡ ሰባት ኣለዉ ፤ካብ ሓደ ሰፈር መጺኦም ኢትዮጵያ ዝፈለጡ ዝመስሎም ሰባት ኣለዉ፤ ትማልን ፅባሕን ሎሚ ዝባሃል ድልድይ ከይሰራሕና ክንራኸብ ኣይንኽእልን። ከመይ ኢልና ኢና ትማሊ ብምኽክር ኣታዕሪቕና፤ ፅባሕ ብሓባር ራይን ምልኸታን ሒዝና እንድሕር ከይተዛተና እንሓልማ ኢትዮጵያ ክነምፅኣ ኣይንኽእልን። ንስኹም ከምትዕዘብዎ ብዙሓት ድልየታት ኣለዉ። እዚኦም ድልየት ኣስማዕሚዕና ተሸኪምና ክንኸይድ እንኽእሎ ሃገር እንድሕር ኣቐዲምና 'ዩ። ካብ ናተይ ፓርቲ ኢትዮጵያ ትበልፅ። ኢትዮጵያ ትቕደም ህዝብታታ ይቕደሙ። ቀፂሉ ድልየት ፓርትን ድልየት ውልቀሰብን ክቅፅል 'ዩ እንድሕር ኢልና ብብዙሕ ጉዳያት ክንስማዕማዕ ኢና። ንሕና ቐዲምና ጉዳይ ኢትዮጵያን ህዝብታታን ካልኣይ እንድሕር ኾይኑ ግና ብጣዕሚ ኣፀጋሚ 'ዩ ዝኾን። ነዚ እዩ ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት ግራ ዘእቱ ነገራት ዝረኣዩ።

ኣባይ ብዝምልከት ብዙሕ ዝተዛብዑ ነገራት ኣለዉ። ሰባት ንሕና ዝሓስቡና ካብ ካልእ ዝመፀ ማይ ገዲብና ኣቅሚጥና እንኽልክል ዝመስሎ ሰብ ኣሎ፤ ንሕና ማይ ሰቲና ረዊና ንምድፋእ እንሰርሕ ዝመስሎ ሰብ ኣሎ፤ ሕፅረት ማይ ከምዘለና ብሓቂ 'ውን ምርዳእ ኣይደሉዩን። እዚ ኹሉ ንምትዕራቕ መድረኽ ዝደሊ 'ዩ። ብጣዕሚ ዘሕዝን ናብራ ዘለዎም ዜጋታት ገዛ ይዋሃቦም ማለት ኣብዚ ሓሳብ ምፍልላይ ግቡእ ኣይመስለንን። ምንም ፀገም ኣይፍጠርን ማለት ኣይኮነን። ዋና ሓሳቡን ዓላምኡን ናይ ዜጋታት ህይወተ ምምሕያሽ 'ዩ። ኣብዞም ዘጋጥሙ ፀገማት ምዝታይ ግና ፀገም ኣይኮነን። እዚኦም ጉዳያት ንስኹም ብቕንዕነት ክትሓስቡ ኣለኩም።

ሎሚ ኣብ ዓለም ቀውሲ ዘይብሉ ሃገር የለን። ካብ ዓበይቲ ዝባሃሉ ሃገራት ክሳብ ኣናእሽተን ሃገራት ቀውስ ኣሎ። ፖለቲካን ኢኮኖሚን ቀውስን ኣሎ። ቀውሲ ዘይብሉ ሃገር የለን። ፍልይ ዘብሎ እቲ ቀውስ ሃገር ንከየፍርስ መንነት ወለዶ ንከየጥፍእ ዝከላኸል ትካል ዘለዎም ሃገራት እቲ ጭቕጭቕ እናሃለወ ከም ሃገር ይቐፅሉ 'ዮም። ትካል ዘይብሎም ሃገራት ይፈርሱ። ትካል እንድሕር ዘይፈጢርና ንሕና 'ውን የቀታትለና የጠፉፍኣና ካልኦት ከምዝኾኑ ንሕና 'ውን ተመዛበልቲ ንኸውን። ትካላት ንህነፅ። እቶም ትካላት 'ውን ዝገዝኣን ዝከራኸርን ዕድል ንፍጠረሎም። ኹሉ ብሕጊ ይገዛእ እንተይልና ናይ ምትሕብባር ሓሳብኹም ፍረ ዝህልዎ ይኾን። ንሕና ከም ፓርቲ ቐሪቡ ንምዝታይ ሓደሓድኣኹም ብሽም ፓርቲ እንተይኾነስ ብብቕዓትኹም እናረእና ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዘሎ ስልጣን ንምክታት ብጉዳይ ፖሊሲ ንምምኽኻር ብጣዕሚ ድልዋት ኢና። ዝተረፈና ኽልተ ዓመት 'ዩ ኣብዚ ኽልተ ዓመት ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝሕግዘና ሙያ ዘለዎ ሰብ ሃገሩ ዝፎቲ ሰብ ብጉዳይ ፖሊሲ እንተተፈለየ 'ውን ብዕለታዊ ስራሕ ምግልጋል ንዝደሊ ሰብ ክፍቲ ኢና። ሞኪርና ኢና እኹል ንከይኖን ይኽእል 'ዩ፤ ምሳኹም ተንሰርሕ ኢትዮጵያ ምፅናዕ ተንኽእል ጥቕሚ እንበር ጉድኣተ ኣለዎ ኢልና ኣይንኣምንን። እዚ እናረእና እናፈተሽና ንኸይድ ኢና። ክሳብ መረፃ ዘለዋ ግዝያት ጠንካራ ዘተ እንተተኻይዶም ናትኩም ሓሳባት ዝበለፀ ተትድመፁ ንምንታይ 'የ ብልፅግና ጥራሕ ዝመርፅ ክብል ይኽእል 'ዩ ሓሳብኹም ሪኡ። እዚ ዘተ ንመረፃ ዝሕግዘና 'ዩ ንፖሊሲ 'ውን ዝሕግዘና 'ዩ። ንዝበለፀ ምፍላጥና ንምትሕብባር ሕግዘና 'ዩ። ናይ ትማሊና ንምፅጋን ዝሕግዘና 'ዩ። ብኣና ወገን ዝጎደሉና ኣሪምና ንምስራሕ ድልየት ኣለና ምድላው 'ውን ኣለና። ዝወፁን ንዋጋእ ዝበሉ 'ውን ንዑ ንዘራረብ እናበልና ኢና። ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ከውድቕ እየ ኢልካ ምፉካር ኣየድልን። ከምዚ ኾይኑ 'ውን ንዛተይ ንሃገር ርብሓ ስለዝኾነ 'ዩ።

ካልኣይ ዓብይ ጉዳይ ዝተልዓለ ፖለቲካ ምህዳር ብዝምልከት 'ዩ። ኣብዚ ውሽጢ ማእሰርቲ ፣ንሕቶ መልሲ ዘይምሃብ ፣ ምስ ሚድያ ተዳሓሒዞ ሰፊሕ ዝኾነ ሓሳብ ተላዒሉ 'ዩ። ፖለቲካ ምህዳር ኣብ ኢትዮጵያ ይስፉሕ እንትንብል ከለና ኣብ ኻሊእ እንሪኦ ከም ዘሎ ኣብ ኢትዮጵያ ኣምፂእኻ ምሕሳብ ኽቢድ 'ዩ። ብናትና ባህልን ብርክን ልክዕ እንተዘይኾይኑ ካልኦት ቦታ እንሪኦም ቀጥታ ምቕባል ኣድላይ ኣይመስለንን። ንሕና ከም መንግስቲ ካባኹም ዝሓሸ ሓበሬታ ኣለና። እንታይ ዓይነት ዝንባለ ከምዘለዉ ንግንዘብ ኢና። ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ፓርትታት ሰብእናን ሓሳብን ፖለቲካ ዘለዎም ውልቀ ሰባት ጉጅለታትን ኣብ ኣርባዕተ ዋና ዋና ዓይነት ክክፈሉ ይኽእሉ 'ዮም። እዞም ኣርባዕተ ብሓባር ምትሕብባርን ሓቢርካ ምስራሕን ዝብል እንተተልዒሉ ኣየዋፅእን፤ ኣርባዕቲኦም ፈሊና ምስ መን ከምንተሓባበር እንድሕር ዘይፈሊጥና እቲ ውፅኢት ሓድነት ኢትዮጵያ፣ ልምዓትን ሰላምን ኣየምፅእን።

እቲ ሓደ ካታጎሪ ብሓደ መንገድ ንሃገሮም ዝሰርሑ ጉጅለ ኣለዉ። ሓሳብ ኣለዎም፣ ፓርቲ ኣለዎም ዋና ድልየቶም ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንሃገሮም ምስራሕ 'ዩ። መንገዱ ናይ ውልቀኦም 'ዩ ሽተኦም ግና ንሃገር 'ዩ። ንሃገረይ ክሰርሕ 'የ ግና ብልፅግና ኣይኸውንን። ብልፅግና እንድሕር ዘይኾይንኻ ረብሓ የብሉን ኣይንብሎን። ካባኹም ሞኪርና ድማ ሓቂ ንምዝራብ ዝኾርዓናሎም ሰባት ኣለዉ። ብፖሊሲ ዝጨቓጨቑ ኣብ ካልእ ጉዳይ ግና ሃገረይ ኢሎም እንትሰርሑ ሪእና ኢና። እዚ እንትሰፊሑ ክጠቕመና 'ዩ። ብልፅግና ዝኾነ ኹሉ ዝሐሸ ካብ ብልፅግና ወፃኢ ዝኾነ ኣይሕሸን ዝብል ሓሳብ የብልናን። ብልፅግና ይሓይሽ ኢልና እንኣምን ብሓሳቡ 'ዩ። በዚ ምኽንያት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንሃገር ዝሰርሑ ምትሕብባር ኣዋፃኢ 'ዩ ኢልና ኢና ንኣምን።

ካልኣይ ካታጎሪ ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንሃገሮም ዝሰርሑ 'ዮም። እቲ መንገዲ ናይ ባዕሎም 'ዩ። ኣብ ኹሉ ቦታ ሁከት ምፍጣር 'ዩ፤ ውፅኢቶም ድማ ፅቡቕ ኣይኮነን። ሓሳቦም ትኽክል ኣይኮነን ግን ባዕሎም 'ዮም ዝገብርዎ። ይዋግኡ ፣ ጎንፂ ንክፍጠር ይገብሩ እዚ ትኽክል ኣይኮነን። እዚኦም ኾሪኻ ንምምላስን ፃዕሪ ንገብር ኢና።

መበል ሳልሳይ ንእሽተን ኽብድ ዝብል 'ዩ። ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንኻልኦት ዝሰርሑ 'ዮም። ዝዛረቡ ኣምሓረኛ ስሞም ፓርቲ ኢትዮጵያ፣ ንዓና ዝመስሉ መንገዱ ናይ ባዕሎም 'ዩ ግልጋሎት ዝህቡ ግና ንኻሊእ 'ዩ። ሓሳብ የብሎምን ፣ፕሮግራም የብሎምን፣ ራእይ የብሎምን ኹሉ ሓሳብ ዝተቐድሐ 'ዩ ዘግልግሉ ንኻሊእ ሰብ 'ዩ። ናይዚኦም ስራሕ ፍረኡ ንኻልኦት ስለዝኾነ ምስዚኦም ምትሕብባር ኣፀጋሚ 'ዩ።

እቲ ራብዓይ ብኻልኦት መገዲ ንኻልኦት ዝሰርሑ 'ዮም። መንገዱ ኾነ እቲ ስራሕ ናታቶም ኣይኮነን። ደመወዞም ዝኸፍሎም ካልእ ሰብ 'ዩ፣ ዝስብስቦም ካልእ ኣካል 'ዩ፤ መንገዱ፣ ሓሳቡ ፣እቲ ዓውዲ ናታቶም ኣይኮነን። ስለ ዝዛረብዎ ህዝቢ 'ውን ኣይፈልጡን። እዚኦም ብሕጊ ኢና ንሓቶም፤ ብኻሊእ ሓይልታት ንኻልኦት እናሰርሑ እናፈለጥና ንኢትዮጵያ ይረብሕ 'ዩ ኢልና ባዕልና ኣይነታልልን። ኣባኩም ውሽጢ ከም

‹‹ምትሕብባር፤ ምፉኽኻርን ... ገፅ 6

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹መናእሰይ ብስምዒት ተደፋፊኦም ብኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ከይተሓዙ ወለዲ ደቖም ብግቡእ ክከታተሉን ክመኽሩን ይግባእ››

-ኣይተ ሃብታሙ ካሳ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣብ ናይሎሚ ጋዜጣ ወጋሕታ ሕታምና፣ ጋሻና ዝኾኑ ኣይተ ሃብታሙ ካሳ ይበሃሉ፤ ኣይተ ሃብታሙ ኣብ ሚኒስቴር ጥዕና ፌዴራሊ መራሒ ፈፃሚ ስራሕ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ መተሓባበሪ ዴስክ ሓላፊ 'ዮም። ከም ሃገር ብፍላይ ብደረጃ ክልል ትግራይ ምስቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ተተሓሒዙ ዝርገሐ ህሉው ኩነታት ኤችኣይቪ/ኤድስ እንታይ ከምዝመስል? እናነከየ ድዩ ወይስ እናወሰኸ? ኢሉ 'ውን ኣብ ምክልኻል እቲ ቫይረስ እንታይ እናተሰርሐ ከምዝኾነን ካልኦት ተዛመድቲ ሕቶታትን ኣድሂብና ከምዝስዕብ ፃኒሒት ገይርና ኣለና። ሰናይ ንባብ።

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ሕዚ እዋን ሕማም ተማሓላላፊ ኤችኣይቪ/ኤድስ ብሃገር ደረጃ እናወሰኸ ድዩስ ወይስ እናቀነሰ ዝርከብ? ብሓፈሻ ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ?**

**ኣይተ ሃብታሙ፡-** ከምሃገር ኩነታት ኤችኣይቪ/ኤድስ ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ ንዝብል ሕቶ፣ ከም ሃገር ሕዚ ዝተፀንዐ ነገር የለን፤ ቕድሚ ሕዚ ዝተፀንዐ ከምዘማላኽቶ ግና እናቐነሰ ከምዝኾነ 'ዩ ዘማላኽት፤ ኮይኑ ግና እዚ ንናይ ነባራዊ ኩነታት ዝገልፅ ኣይኮነን፤ ምስፍሕፋሕ ናይ ኤች ኣይ ቪ ብሓፈሻ ኣብ ማሕበረሰብ መጠን ዝርገሐ ንዝሓለፉ ከባቢ 20 ዓመታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናቐነሰ 'ዩ መፂኡ፣ ነገር ግን ሓፈሻዊ መጠን ምስፍሕፋሕ ናብ ዜሮ ወሪዱ ማለት ኣይኮነን። ምስፍሕፋሕ ኤች ኣይቪ ትሕቲ ሓደ ሚኢታዊ እንተኸውን ለበዳ ካብ ንብሎ ንተሓቲ 'ዩ ከም ሓፈሻዊ ክግለፅ እንተሎ፤ እዚ ማለት ግና ኣብ ሓደ ሓደ ክልላት ዘሎ ካብዚ ንለዓሊ 'ዩ። ልዕሊ 3 ሚኢታዊ ዝኾኑ ክልላት ኣለዉ፤ ንኣብነት ከም ኣዲስ ኣበባ፣ ጋምቤላ ምጥቃስ ይከኣል 'ዩ።

ካልኦት ልዕሊ 1ሚኢታዊ ዝኾኑ ማለት ቐላል ዘይበሃሉ 'ውን ኣለዉ 'ዮም። ንኣብነት ከም ክልል ኣምሓራ፣ ትግራይ፣ ከምኡ 'ውን ከም ድሬዳዋን ሃረርን ምጥቃስ ይከኣል 'ዩ። ብሓፂሩ ምስፍሕፍሑ ካብ ክልል ናብ ክልል ይፉላለ 'ዩ፤ ኣብ ሓደ ሓደ ክልል ትሕቲ1፣ ኣብ ገሊኡ ልዕሊ1፣ ኣብ ገሊኡ ትሕቲ 2፣ ኣብ ገሊኡ ልዕሊ 2 ሚኢታዊ እንተኸውን ኣብ ገሊኡ ድማ ልዕሊ 3ሚኢታዊ 'ዩ፤ ስለዚ ካብ ክልል ናብ ክልል ናይ ምስፍሕፋሕ መጠኑ ዝተፈላለየ 'ዩ ምባል ይከኣል።

ኣብ ገጠርን ከተማን እንተተመልኪትና፣ ኣብ ከተማ ከንርኢ እንተለና 3ሚኢታዊ እንትኸውን፣ ኣብ ገጠር ድማ ናብ 0ነጥቢ4 'ዩ፤ ስለዚ እዚ ዘርኢዮ ምስፍሕፋሕ እቲ ኤች ኣይ ቪ/ ኤድስ ኣብ ከተማን ገፀርን ከምዝፉላለ 'ዩ፤ ከምኡ 'ውን ኣብ ሓደ ሓደ ማሕበረሰብ ትሑት እንትኸውን ኣብ ሓደ ሓደ ማሕበረሰብ ግና ምስፍሕፍሑ ልኡል 'ዩ። ብፍላይ ኣብ ከም ነብሰን ሽይጠን ዝሓድራ ከባቢ፤ ቤት ህንፀት፣ ንልዕሊ 24 ሰዓት ካብ ገዝኦም ወፂኦም ዘሽከርክሩ ሽፌራት ምጥቓስ ይከኣል 'ዩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብዚ ሰሙን ዝወፀ ሓዱሽ መፅናዕቲ ድማ ኣሎ፤ እቲ መፅናዕቲ ኣብ መናእሰይ ደቒ ኣንስትዮን ደቒ ተባዕትዮን መጠን ምስፍሕፋሕ እቲ ቫይረስ እናወሰኸ እናኸደ ከምዝኾነ ዝገልፅ 'ዩ፤ ንሱ 'ውን 1 ነጥቢ 7 ሚኢታዊ ከምዝኾነ 'ዩ ዝገልፅ፤ ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ካብ ኣብያተ ትምህርቲን ወፃኢ ዘለዉ ማለት ዕድሚኦም 24ን ካብኡ ንታሕቲን ዓመት ዝኾኑ ከም ሓዱሽ እናተተሓዙ ከምዝኾኑ፤ ናይ ምስፍሕፋሕ ኤች ኣይቪ ኤድስ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ እቲ መፅናዕቲ ይገልፅ፤ ስለዚ እዚ ዘርእየና ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ማሕበረሰብ ምስፍሕፋሕ እቲ ቫይረስ እናወሰኸ ይኸይድ ምህላዉ፤ ከምቲ ቕድም ኢለ ዝበልክዎ ኣብዚ ኩሉ ዝተሓዝ ዘሎ መንእሰይ 'ዩ እኳ እንተዘይበልና እቶም ዝበዝሑ ግና መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮን ደቒ ተብዕትዮን 'ዮም።

ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምስፍሕፋሕ እቲ ቫይረስ ዝተፈላለየን ዝለዓለን ምኽኑ ዘርእዩ መረዳእታታት ኣለዉ፤ እቲ መፅናዕቲ ግና ኣዝዩ ዝፀንሐ 'ዩ፤ ንናይ ሕዚ ነባራዊ ኩነታት ዘንፀባርቕ ኣይኮነን፤ ሕዚ ግና ሓዱሽ መፅናዕቲ እናተኻየደ 'ዩ፤ ስለዚ በዚ መፅናዕቲ ኣብ ሓፈሻዊ ማሕበረሰብ ዘሎ ምስፍሕፋሕ እንታይ ይመስል ዝብል እናተፀንአ ስለ ዝርከብ ናይ ሕዚ ነባራዊ ኩነታት በዚ ዝምለስ 'ዩ ዝኸውን፤ ናይ ቕድሚ ሕዚ ኣዝዩ ዝፀንሐ መፅናዕቲ ስለ ዝኾነ ነቲ ናይሕዚ ዘሎ ኩነታት ክገልፆ ኣይኽእልን፤ ምኽንያቱ ተቓያያሪ 'ዩ። ንኣብነት ኣብዛ ሃገር እዚኣ ብዙሓት ውግኣት ተኻይዶም ስለ ዝኾኑ እሞ ድማ እቲ ኩናት ኤች ኣይቪ /ኤድስ ንምስፍሕፋሕ ናይ በዓሉ ግደ ስለዘለዎ፤ ዝተፈለየ ኩነታት ክህሉ ከምዝኽእል ምግማት ይከኣል 'ዩ። በቶም ኲናትን ካልኦት ምኽንያታትን ስዒቡ ዝተፈጠረ እንታይ 'ዩ ንዝብል፤ ብሓፈሻ እቲ ዝርገሐ ይውስኽ ድዩ ዘሎስ ይቕንስ ንዝብል ሕቶ ከምቲ ቐድም ዝበልክዎ እቲ መፅናዕቲ ዝምልሶ 'ዩ ዝኸውን። ተዘይኮይኑ ካብ መፅናዕቲ ወፃኢ እናወሰኸ ወይ እናነከየ ይኸድ ኣሎ ከትብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ብፍላይ ኣብቐፃሊ ዓመት መፅናዕቲ መሰረት ገይሩ ዝወፅእ ሓበሬታ ዝምልሶ 'ዩ ዝኸውን።

**ወጋሕታ፡- ኣብዙርያ ምክልኻል እዚ ቫይረስ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ ከ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ሃብታሙ፡-** ኤች ኣይቪ ኤድስ ኣብ ደምም ካብዝርከቦም ወገናት ውሽጢ 90 ካብ ሚኢቲ መርሚርና በፂሕናዮ ኣለና፤ ናይ ቫይረስ ኦፐሬሽን እንብሎ ኣሳራርሓ ኣሎ፤ ንሱ 'ውን ብቫይረስ ዝተተሓዙ መርሚርካ ብምፍላጥ ክሕከሙ ምግባር ማለት ኣብ ደምም ዘሎ ናይቲ ቫይረስ መጠን ክቕንስ ምግባር 'ዩ፤ እዚ ናይ ቫይረስ ኦፐሬሽን ይበሃል። ኣብዚ ጉዳይ እዚ 90 ሚኢታዊ ሰሪሕና ኢና፤ ኣብ ደምም ቫይረስ ምህላዉ ምስተፈለጠ መድሓኒት ክወስዱ ይግበር፤ ናብ ካልኦት ንከየማሓላልፉ ዝሕግዝ ስራሕ 'ውን ተሰሪሑ 'ዩ። ንኣብነት ካብ ጥንስቲ ኣዶ ናብ ዕሽል ከይመሓላለፍ። ካብ ኣዶ ናብ ህፃን ቫይረስ ኤችኣይቪ ኤይድስ ከይመሓላለፍ ኣገልግሎት ብምጥንኻር ኣድማዒ ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ።

ዝርገሐ ኤችኣይቪ/ኤይድስ ንምግታእ ዝግበር ፃዕሪ ክሕይል ብምግባር ዝተሰርሐ ስራሕ ከምዘለዎ ኮይኑ፤ ኣብ ተቓላዕቲ ክፋላት ሕብረተሰብ ፍሉይ ትኹረት ብምግባር እናተሰርሐ ይርከብ። ብሓፈሻ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ምስፍሕፋሕ ኤችኣይቪ ኤድስ ብምክልኻልን ምቁፅፃርን ንምንካይ ኣብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ጭቡጥ ውፅኢት ተረኺቡ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ንኤች ኣይ ቪ/ ኤድስ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ክፋል ማሕበረሰብ እንመን 'ዮም? ኣብዚኦምስ እንታይ ዓይነት ስራሕ እናተሰርሐ 'ዩ?**

**ኣይተ ሃብታሙ፡-** ብጥቕልሉ ክንርኢ እንተለና፣ ኣብ ከተማታት ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን፣ ክልላት ሃረርን ጋምቤላን ዘሎ መጠን ስርጭት ልዕሊ ክልተ ሚኢታዊ 'ዩ። ከምኡ 'ውን ከም ኣብ ነብሰን ሽይጠን ዝሓድራ፣ ናይ ነዊሕ ርሕቀት መራሕቲ መካይን፣ ናይ መዓልቲ ሰራሕተኛታትን ናይ ሕጊ ተኣረምቲን ንኤችኣይቪ ተቓላዕቲ 'ዮም። እቲ ዝርገሐ ብዘድሊ መጠን ንምንካይ ድማ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝርገሐ ዘለዎ ከባቢታትን ተቓላዕቲ ክፋላት ሕብረተሰብን ትኹረት ብምግባር እናተሰርሐ 'ዩ። ብዝለዓለ ነዚ ሕማም እዚ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ክፋል ማሕበረሰብ ብምፍላይ ቖላሕታ ዘድልዮም ስለዝኾነ ትኹረት ብምሃብ እናሰራሕና ኢና ንርከብ፤ ኣብዚ ብፍላይ መራሕቲ ሃይማኖት መናእሰይ ብግዝያዊ ስምዒት ተዓሺዮም በቲ ሕማም ከይተሓዙ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ኣለዎም።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ምስቲ ዝነረ ኩናት ተተሓሒዙ ኤች ኣይቪ/ኤድስ እናተስፋሕፈሐ ከምዝኾነ ሓደ ሓደ ኣካላት ይዛረቡ 'ዮም። እናወሰኸ እንተኾይኑ ንምግታእ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ሃብታሙ፡-** ከምዝፍለጥ ኩናት ኣብ ትግራይ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ካልኦት ከባቢታት 'ውን ነይሩ 'ዩ፤ ዋላ ሕዚ 'ውን ንኣብነት ብኽፉል ኣብ ክልል ኣምሓራን ኦሮሚያን ኣሎ፤ ኢሉ 'ውን ኣብ ዓፋር ነይሩ 'ዩ። ብሰንኪ ኩናት ዓመፅ ኣብ ደቒ ኣንስትዮ ስለ ዘጋጥም በዚ ኣቢሉ ወሲኹ ክኸውን ይኽእል 'ዩ፤ ኣብዚ ክልል እዚ በዚ መጠን እዚ ወሲኹ ዝብል መፅናዕቲ የለን፤ ኣይተፀንዐን፤ ስለዚ ካብ ግምት ሓሊፍካ ብተጫባጥ ተቕምጦ መጠን ቑፅሪ የለን። ግና ከምቲ ዝበልክዎ ዓመፅ ስለ ዝካየድ ከምዝውስኽ ይግመት 'ዩ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ብዝበለፀ በዓልቶም ክልላት ስለዝሰርሑ ንዓኣቶም ምጥያቕ ይሕሽ፤ ምኽንያቱ ፌዴራል ናይ ድጋፍን ምትሕብባርን ስራሕ 'ዩ ዝሰርሕ ብበዝሒ።

ድሕሪ እቲ ስምምዕ ሰላም መንግስቲ ፌደራል ምስ'ቲ ክልል ኮይኑን ካልኦት ኣካላትን ብምዃን ኣብዚ ዙርያ እዚ ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሑ 'ዩ፤ ከም ኮምፒተራትን ካልኦት ንትካላት ጥዕና ዘድልዩ ነገራትን ሓገዝ ተገይሮም 'ዮም። ብዝተገብረ ርብርብ መብዛሕትኦም ትካላት ጥዕና ከም ካልኦት ክልላት ናብቲ ቕድሚ ኩናት ዝነበርዎ ኩነታት ንምምላስ ተኻኢሉ 'ዩ። ስለዚ እቲ ክልል ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ትካላት ተጠቒሞ፣ መዳርግቲ ኣካላት ብምስታፍ ቕድሚ ሕዚ ዝሰርሖ ዝነበረ ስራሕ ማለት ቕድሚ ኩናት ናብ ዝነበረ ኩነታት ንምምላስ ቕድሚኣ ዝዋሃብ ቅድሚኣ ብምሃብ ተሰሪሑ። ሕዚ ናብ ናይ ምክልኻል ፕሮግራም ተሰጋጊሩ እናሰርሐ ይርከብ። ኣብ ክልል ትግራይ ምስ እዚ ተተሓሒዙ ማለት ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዘድህበ ብዙሓት ጎስጓሳት ተኻይዶም 'ዮም፤ እንተኒኢሱ ልዕሊ ሰለስተ ግዜ ምስቲ ክልል ብምትሕግጋዝ ኣካይድና ኢና።

**ወጋሕታ፡- ምስ እዚ ተተሓሒዙ ኣብዚ ኣመት እዚ ካብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ከም ዕውት ስራሕ ዝጥቀስ እንተልዩ፤**

**ኣይተ ሃብታሙ፡-** ብዙሓት ሰባት ብምምርማር ኤች ኣይቪ /ኤድስ ኣብ ደሞም ከምዘሎ ረኺብና መድሓኒት ክወስዱን ናብ ካልኦት ከየመሓላልፉን ገይርና ኢና፤ እዚ ኣብዪ ዓወት 'ዩ፤ ንኣብነት ሓንቲ ኣዶ እቲ ቫይረስ ከምዘለዋ ምስ ተረጋገፀ እቲ ቫይረስ ካብታ ኣዶ ናብቲ ዕሸል ከይመሓላለፍ ኣብ ዝተገብሩ ስራሕቲ ዕውታት 'ዮም። ካብ ኣዶ ናብ ዕሽል ናይ ምትሕልላፍ ምክልኻል 12 ሚኢታዊ ዝነበረ ናብ 8 ሚኢታዊ ምውራድ ተኻኢሉ 'ዩ፤ እዙይ ዓብዪ ዓወት 'ዩ፤ ስለዚ ብሓፈሻ ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ ብሚድያ ጎስጓስ ስራሕ ምክልኻልን ተዳኺሙ ነይሩ 'ዩ፤ ኣብዝሓለፈ ሓደ ዓመት ግና ኣብ ኩሉ ክልል መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ተፅዕኖ ፈጠርቲን ሚድያን ተጠቒምና ጎስጓስ ምክልኻል ገይረና ኢና፤ ብፍላይ ብሚድያ ኣብዝሓለፈ ሓደ ዓመት ብዝለዓለ ደረጃ ኣጀንዳ ጌርና ኢና፤ ካሊእ ሰርቬይ 'ዩ፤ ቕድም ከምዘልዐልኩልካ ኣብ መናእሰይ ዘሎ ዝርገሐ ኤች ኣይቪ እንታይ ከምዝመስል ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ካብ ኣብያተ ትምህርትን ወፃኢ እንታይ ከምዝመስል ከንፈልጥ ክኢልና ኢና፤ እዚኦም ካብቶም ብዙሓት ዝተሰርሑ እቶም ውሑዳት 'ዮም። ብመንፅር ኩሉ ፕሮግራምና ከንርኢ እንተለና እቲ ቐንዲ ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል እቲ ቫይረስ ከይመሓላለፍ 'ዩ፤ እቲ ቐንዲ ነገር ኣብዚጉዳይ እዚ ዕዉት ስራሕ ሰሪሕና ኢና፤ ሓዱሽ ዝተሓዝ 'ውን ክቕንስ ገይርና ኢና፤ ኮይኑ ግና ኣብ ሓደ ሓደ ክፋል ማሕበረሰብ ናይ ምምሕልላፍ ኩነታት ይስትውዐል 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ክቀሪ ዘይግበኦ ሓሳብ እንድሕር ዘይሃልዩ መልእኽቲ እንተልይዎም ኣብ መወዳእታ ዕድል ክህቦም፤**

**ኣይተ ሃብታሙ፡-** ከምቲ ቕድም ዝገለፅክዎ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ ቫይረስ እናወሰኸ 'ዩ ዝኸይድ ዘሎ፤ ንኣብነት ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ወፃኢ ይኹን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ እናወሰኸ ስለ ዘሎ ምጥንቃቕ የድሊ፤ ሓደሽቲ ሰባት በቲ ቫይረስ እናተተሓዙ 'ዮም ዝርከቡ፤ ኣብዚ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓባይቲ ዓዲ፣ ፅዕንቶ ፈጠርቲ ኣካላት፣ ወለዲ፣ ቤተሰብ ወዘተ ኣብ ምክልኻል ግዲኦም ክፃወቱ ይግባእ፤ ብፍላይ ወለዲ ደቖም ክከታተሉን ክመኽሩን ይግባእ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሒት የቐንየልና።**

**ኣይተ ሃብታሙ፡-** ኣነ'ውን ስለ ዝዓደምኩምኒ የቐንየለይ።



# ደቡብ ሱዳን ስምምዕነት ማዕቐፍ ምትሕብባር ተፋሰስ ናይል ምፅዳቓ ዘለዎ ትረጉምን ረብሓን

ኣብርሃ ሓጎስ



## ዜና ትንታኔ

ኣብ ቀረባ እዋን ደቡብ ሱዳን ስምምዕነት ማዕቐፍ ምትሕብባር ተፋሰስ ናይል ምፅዳቓ ዝዝከር 'ዩ። እዚ ስምምዕነት ምፅዳቓ ንኢትዮጵያ ታሪካዊ ኣጋጣሚ ከምዝኾነ 'ውን ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ኣብ ማሕበራዊ ሚዲየኦም ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ ብምሕባር፤ ደቡብ ሱዳን እቲ ስምምዕነት ምፅዳቓ ናይ ናይል ተፋሰስ ሃገራት ኣብ ኣጠቓቕማ ማይ ዘለወን ባህጊ ዕላዊ ንምግባር ንዝግበር ፃዕሪ ርኡይ ስጉምቲ 'ዩ ኢሎም።

ኣብዚ ሓሳብ ዝሃቡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ጥራሕ ዘይኮኑስ ብዙሓት ሙሁራት 'ውን ዝተፈላለዩ ሓሳባትን ትንተናታት እናሃቡ ቀንዮም 'ዮም። ደቡብ ሱዳን ነዚ ስምምዕነት ምፅዳቓን ናብቲ ስምምዕነት ውሽጢ ምሕዋሳን ኣብ ኢኒሸቲቭ እቲ ተፋሰስን ብሓፈሻ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ምንቕስቓስ እንታይ ትርጉም ይህልዎ? ኣብ ዝብልን ሓሳባት ካብ ዝሃቡ ሙሁራት ሓደ ናይ ዶብ ተሳጋሪ ሩባታት ላዕላዋይ ኣማኻሪ ዝኾኑ ኢንጂነር ጌዲዮን ኣስፋው ከምዝብልዎ፤ ብመንፅር ታሪኽ ሩባ ናይል ብዝምልከት ስምምዕነታት ማይ ብሓባር ምጥቃም ዝተፈረሙ ኣብ ዘመን ባዕዳዊ መግዛቲ ኾይኑ ብፍላይ ኣብ 1929 ን 1959ን ዝተፈረሙ ስምምዕነታት ግብፅን ሱዳንን 'ዮም።

ከም ገለፃ 'ቶም ኢንጂነር እዞም ስምምዓት ከም ኢትዮጵያ ንዝበሉ ሃገራት ተፋሰስቲ ረብሓ ዘሕልው ኣይነብሩን። ስለዚ እቲ ሓዱሽ ማዕቐፍ ምትሕብባር ተፋሰስ ናይል ኣብ ሞንጎ እተን ሃገራት ተፋሰስ ናይል ዘሎ ምርድዳእ ብዘንፀባርቅ ብፍትሓውነት ክፍፍል ሃፍቲ ኣባይ ንምፍጣር ዝዓለመ 'ዩ። እቲ ማዕቐፍ ፕሮጀክታት ከመይ ክትግበር ከምዘለዎ ዝዝርዝሩ ዝተፈላለዩ ጉዳያት 'ውን ዝሓዘ ኾይኑ፤ ኣድላይነት ምልውዋጥ ሓበሬታን ምትሕብባርን እዛ ሃገር ትኹረት ዝሓትት 'ዩ። ከምኡ 'ውን እቲ ማዕቐፍ ተግባራዊ ዝኸውን ካብ 11ኣን ሃገራት ብ6ኣን እንትፀድቕን ናብ ሕብረት ኣፍሪካ እንትቀርብን 'ዩ። እዚ ስምምዕነት ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ ብ1929ን 1959ን ዝተፈረሙ ናይ ባዕዳዊ ግዝኣት ስምምዕነታት ብምትካእ ትኹረቱ ናብ ዝተሓባበረ ምምሕዳር ሩባ ኣባይ ዘሳግርን ትሕዝቶን ስርጭት ማይን ዝተመልከቱ 45 ዓንቀፃት ዝሓዘ 'ዩ። ስለዝኾነ ደቡብ ሱዳን ነቲ ማዕቐፍ ምትሕብባር ተፋሰስ ናይል ብፓርላማኣ ማፅዳቓ እቲ ኮሚሽን ንምምስራትን እቲ ስምምዕነት ድማ ተግባራዊ ንምግባር ዓብይ ስጉምቲ ምኳኑ 'ዮም ዝሕብሩ።

እቲ ኮሚሽን እንትምስረት ከም ግድብ ኣባይ ኣብ ዝበሉ ፕሮጀክታት ሓበሬታ ንምልውዋጥን ምትሕብባር ሃገራትን መምርሒታት ናብ መደበኛ ብርኪ ከምዝኣትው ብምርዳእ። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ 2005 ሕጊ ፓርላማ ነቲ ማዕቐፍ ናይ ምፍፃም ሓላፍነት ዝተውሃቦ ድማ ንሚኒስቴር ማይን ኢነርጂ 'ዩ ክብሉ ኢንጂነር ጌዲዮን ይገልፁ።

ካሊእ ደቡብ ሱዳን ነቲ ስምምዕነት ምፅዳቓ ኣብ ከባቢ ተፋሰስ ናይል ዘሎ ምትሕብባርን ምርግጋዕን ብጣዕሚ ከዕቢ ከምዝኽእል 'ዮም እቶም ኢንጂነር ዝፅገልፁ። ሰፊሕቲ ረግረጋማ ቦታታት ዝሓዘት ደቡብ ሱዳን ፍሰት ሩባ ናይል ኣብ ምቁፅፃር ወሳኒ ግደ ክትፃወት ትኽእል 'ያ ኢሎም። ሩባ ፃዕዳ ኣባይ ምስ ሩባ ኣባይ ቅድሚ ምትሕውዋሱ ናብ ደቡብ ሱዳን ዝፈስስ ሩባ ባሮ ኢትዮጵያ 'ውን ሓዊሱ እዚ ማዕቐፍ ምትሕብባር ኣድላይ ከምዝኾነ 'ውን 'ዮም ዝዛረቡ። ንኢትዮጵያን ሓዊሱ ኣብ ሞንጎ ተፋሰስ ኣባይ ሃገራት ንምጥንኻር ስራሕቲ ምትሕብባር ተሳትፎ ደቡብ ሱዳን ወሳኒ ምኳኑ 'ውን ኣስሚሮምሉ።

ብተወሳኺ እዚ ማዕቐፍ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ሃገራት ተፋሰስ ናይል ብፍላይ ምስ ግብፅን ሱዳንን ብዘለዋ ርክብ ፅዕንቶ ከምዘሕድር ብምሕባር፤ ታሕተዎት ተፋሰስ ሃገራት ናብዚ ማዕቐፍ ንክሕወሱ ኣማራፂ ከምዝገጥሞም ተዛሪቦም።

ተሳትፎ ግብፂ ንምብርትታዕ ግብዣታትን ኣኼባታትን ዘካተተ ብዙሕ ፃዕርታት እንትተገብረ 'ውን ክሳብ ሐዚ ኣይተቀበለትን ብምባል፤ ንቀፃሊ ምስ ካልኦት ኣባል ሃገራት ብምትሕብባር ምስራሕ ስለዝጠቅማ ናብቲ ምዕቐፍ ክትሕወስ ከምእትኽእል ከዓ ኣብራህሪሆም።

ኣብቲ ማዕቐፍ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኣባል ሃገራት ዝለዓለ ምትሕብባር ንክህልው ዕድላት ይፈጥር 'ዩ ዝበሉ ኢንጂነር ጌዲዮን፤ ኢትዮጵያ ኣብቲ ስምምነት ውሽጢ ካብ ዝተኻተቱ ፍትሓዊ መርህታት ከፍፍል ማይ ክትጥቀም ከም እትኽእል ኣፍሊጦም 'ዮም።"ንኣብነት ፍትሓዊ ኣጠቃቀማ ማይ ዘርእዩ ትሽዓተ ጉዳያት ዘለው እንትኾኑ፤ እቲ ሓደ ድማ ነኒሕድሕዱ ሃገር ምውፃእ ማይ 'ዩ። ኢትዮጵያ ንናይል ዝተበርከቶ ልዑል ናይ ማይ ግደ ኣብ ግምት ውሽጢ ብምእታው ፍትሓዊ ዝኾነ ብኣንፃር ስርጭት ማይ ተረባሒት ክትኸውን 'ያ " ክብሉ 'ውን ገሊፆም።

ደቡብ ሱዳን ዘፅደቀቶ ማዕቐፍ ኣብቲ ቐጠና ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ ዓወት 'ዩ ዝበሉ ድማ ዓለም ለኸ ተንታኒ ፖለቲካ ዝኾኑ ኣይተ ሙሳ ሸኮ ኾይኖም፤ ማይ ሩባ ናይል ፍትሓውን ምኽንያታውን ኣጠቃቀማ ዘበረታትዕ ከምዝኾነን እቲ ማዕቐፍ ብ2010 ብተፋሰስ ሃገራት ናይል ኣብ ስምምዕነት ምብፅሖም ብምዝኽኻር፤ እዚ ድማ ኢትዮጵያ ኣብ ሓባራዊ ኣጠቃቅማ ማይ ኣባይ ዝነበራ ዝፀንሐ መትከል ከምዘጠናኸር ኣብሪሆም።

ከመ ገለፃ ኣይተ ሙሳ፤ ብ2010 ዝተፈረመ ማዕቐፍ ምትሕብባር ተፋሰስ ናይል፤ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ተፋሰስ ኣባይ ወሳኒ ስምምዕነት ነይሩ። ዋና ዓላማኡ ድማ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ተፋሰስ ተጠቃምነት ሩባ ናይል ፍትሓዊነቱ ምርግጋፅ ነይሩ። ከም ኣውሮፓውያን ኣቆፃፅራ ኣብ 1929ን 1959ን ብዝተገብረ ስምምዕነት ንግብፂ 55 ነጥቢ 5 ቢሊዮን ኪዩቢክ ሜትር፤ ንሱዳን ድማ 18 ነጥቢ ሓሙሽተ ቢሊዮን ኪዩብ ሜትር ማይ ንክጥቀሙ፤ ማይ ሩባ ኣባይ ሙሉእ ንሙሉእ ንኽልቲኦም ጥራሕ ተኻፊሎም ንብዙሕ ዓመታት ንምጥቃም ስምምዕነት ገይሮም ነይሮም።

ካብዞም ስምምዕነታት ግብፅን ሱዳንን ሃፍቲ ሩባ ናይል ብብሕታውነት ንክቆፃፀርዎ ብምግባር ካልኦት ሃገራት እቲ ተፋሰስ ናብ ጎኒ ብምሕዳግ ብናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣተሓሳስባ ዝተገብረ ፌርማ 'ዩ። ማዕቐፍ ምትሕብባር ተፋሰስ ናይል ምምሕዳር ሃፍቲ ማይ ብዝበለፀ ኣሳታፊን ፍትሓዊ ኣሰራርሓን ብምፍላጥ እቲ ዝተዛብዐ ሚዛን ንምስተኻኻል ፃዕሪ እናተገብረ ተፀኒሑ 'ዩ።

ካብ 1902 ዓ.ም ጀሚሩ ዘሎ መትከል ኢትዮጵያ ማይ ሩባ ናይል ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ኣብ ምክፋፋል ዘተኮረ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ሙሳ፤ እቲ ማዕቐፍ ሐዚ ብደቡብ ሱዳን መፅዳቁ መትከል ኢትዮጵያን ብዝልዓለ ብርኪ ዘጠናኸር ምኳኑ ይዛረቡ። በዚ ማዕቐፍ ናይ ኢትዮጵያን ታሪካዊ ሕቶታት ዘረጋገፀን ዘለዎ ፍትሓዊ መብት ንምኽባር ሓደ ስጉምቲ ተገይሩ ክውሰድ ይኽእል 'ዩ ኢሎም።

እቲ ማዕቐፍ ብደቡብ ሱዳን ወገን 'ውን ተቀባልነት ምርካቡ ንኢትዮጵያ ስትራቴጂካዊ ዓወት 'ዩ ክብሉ ይገልፁ። ዲፕሎማሲያዊ ፃዕሪ ኢትዮጵያ ከምዘጠናኸር፣ ምስ ጎሮቤት ሃገራትን ምስ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ዘሎ ርክብ ከምዘቕንዐላ 'ውን ገሊፆም።

ካሊእ እቲ ስምምዕነት ግብፅን ሱዳንን ኣብ ሃፍቲ ሩባ ናይል ዝነብሮም ናይ ነዊሕ እዋን ላዕላውነት ዝዓፅፍ፣ ታሪኻዊ ስምምዕነታቶም ዘቅይርን ናይ ኩሎም ሃገራት ተፋሰስ ናይል ብሓባር መብታቶም ዘረጋግፅ ምኳኑ 'ውን ኣረዲኦም።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ናይ ፖለቲካ ሳይንስን ርክብ ዓለም ለኸ መምህርን ኣብ ማይ ሩባ ናይል ተመራማሪ ዝኾኑፕሮፌሰር ያዕቆብ ኣርሳኖ ብወገኖም፤ ደቡብ ሱዳን ማዕቐፍ ምትሕብ ባር ተፋሰስ ናይል ምፅዳቓ ንኢትዮጵያ ልዑል ዲፕሎማሲያዊ ዓወት ዝውክል፣ ናይዛ ሃገር ድሕንነት ማይ ብምጥንኻርን ሃፍቲ ኣባይ ፍትሓዊ ተጠቃምነቱ ምርግጋፅ ዘኽእል 'ዩ ይብሉ።

ከም ግድብ ኣባይ፣ መፈልፈሊ ሓይሊ ማይ ጣና በለስን ግድብፊንጫን ዝኣምሰሉ ፕሮጀክታት ምትሕብባር ልምዓት ዘመቻቸው እዚ ማዕቐፍ፤ ኢትዮጵያ ናይ ማይ መብታታ ብምሕላው ኣጀንዳታት ልምዓታ ንምሱጓም ዘለዋ ቁርፀኝነት ዘርኢ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ካሊእ እዚ ማዕቐፍ ምስ ጎሮባብተን ሃገራት እቲ ተፋሰስን ሰፊሕ ተቀባልነት ምርካባ ኢትዮጵያ ኣብ ኣተሓሕዛ ማይ ኣባይ ዘለዋ ናይ መሪሕነት ግደ ዝበለፀ ከምዘጠናኽር ሓቢሮም። እዚ ኹነታት መትከል ዲፕሎማሲያዊ ኢትዮጵያ ዘጠናኽር ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ነዊሕ እዋን ድሕንነት ማይ ዘረጋግፅ ምኳኑ ፕሮፌሰር ያዕቆብ ገሊፆም። እዚ ማዕቐፍ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ተፋሰስ ናይል ቀፃልነት ዘለዎ ዘተን ምትሕብባርን ንክህልው ከምዝገብር ተዛሪቦም።

ብተወሳኺ እቲ ማዕቐፍ ታሪኻዊ ቅሬታታት ዝፈትሕን ናይ ኩሉን ሃገራት ተፋሰስ ረብሓ ንምትዕራቅ ልዑል ግደ ዘለዎ ምኳኑን፤ እዚ ዲፕሎማሲያዊ ዓወት ንድሕንነት ማይ ኢትዮጵያን ኣካያይዳ ስትራቴጂካዊ ልምዓትን ከምዘረጋግፅ ብምሕባር፤ እዛ ሃገር ፕሮጀክታት መሰረተ ልምዓታ ንቅድሚት ንምሱጓም ኣብቲ ቀጣና ኣብ ምምሕዳር ማይ ዘለዋ መትከል ንምጥንኻር ይሕግዛ 'ዩ ኢሎም።

ደቡብ ሱዳን ነዚ ማዕቐፍ ምፅደቃ ቀጣናዊ ምትሕብባር ከምዘጠናኽርን ምምሕዳር ሃፍቲ ማይ ብዝምልከት ሚዛናዊ ኣከያይዳ ንክህልው ይገብር 'ዩ ብምባል፤ እዚ ስጉምቲ ኢትዮጵያ ግድብ ኣባይ ንምምላእ ምስ ዝትገብሮ ፃዕቲ ተተሓሒዙ ኣብ ወሳኒ እዋን ምውሳኑ ዕዙዝ ረብሓ ከምዘለዎ ኣመላኺቶም። ትግበራ እቲ ማዕቐፍ ኣብ ግብፅን ኣብ ሱዳንን ዝርከቡ ምራኸብቲ ብዙሓት በቢዓመቱ ኣብ ፖሊሲታት ምምሕዳር ማይ ኢትዮጵያ ዝገብርዎ ዘመቻን ትርከትን ኣብ ምቅያር ናይ ይግብኣኒ ሕጋዊ ሕቶታት ኢትዮጵያ ክጉልህ ከምዝኽእል ኣብራሪሆም።

ብመንፅር ኣበሃህላ 'ቶም ምሑራን፤ እቲ ማዕቐፍ ድሕንነት ማይ ኢትዮጵያን ተስፋ ልምዓትን ካብ ምጥንኻር ብዝሓለፈ ኣብ ተፋሰስ ናይል ውሽጢ ብምትሕብባር ኣተሓሕዛ ማይ 'ውን መርኣያ ዝኸውን 'ዩ። እዚ ድማ እቲ ማዕቐፍ ሰፊሕ ተቀባልነትን እናርኸበ እንትኸይድ ንምትሕብባር እቲ ቀጣና፣ ንዘላቒ ልምዓትን ስላምን መንገዲ ዝኸፍት'ዩ።



# ስፖርት





## ኣብ ጎኒ ጀጋኑ ስፖርተኛታት ጠጠው ብምባል ምብርትታዕ የድሊ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ንመበል ሳልሳይ ግዜ ኣብ ፈረንሳይ ከተማ ፓሪስ ኣብ ዝካየድ ናይ 2024 ኦሎሚፒክ ዝሳተፍ ጉጅለ ኢትዮጵያ ኣብ ብሄራዊ ቤተ መንግስቲ መሰነይታ ተገይርሎም፡፡ ኣብቲ መርሃ ግብሪ ፕሬዝዳንት ኢፌድሪ ሳህለወርቅ ዘውዴ ሓዊሱ ሚኒስትር ባህልን ስፖርትን፤ ኮሚቴ ኦሎምፒክን ኣመራርሓ ነቲ ልኡኽ መበረታትዕን መነቃቅሒ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም ‘ዮም፡፡ እቶም ስፖርተኛታት ናይ ሓደራ ባንዴራ ተቐቢሎም ‘ዮም፡፡

ፕሬዝዳንት ሳህለወርቅ ዘውዴ ነቶም ልኡኻን ኣብ ዘመሓላለፈኦ መልእኽቲ ‹‹ኣብ ወለዶ ቅብብል ናይ ሃገርና ባንዴራ ክውልበለብ ዝገበሩ ጀጋኑ ምስግና ይግበኦም›› ኢለን፡፡ ኣብ ናይ ሎሚ ናይ ፓሪስ 2024 ኢሎምፒክ ኢትዮጵያውያን ዘኹርዕ ውፅኢት ከምዝምዝገብ ዘለወን እምነት ገሊፀን፡፡ ናይ ሃገርና ባንዴራ ኣብ መድረኽ ዓለም ልዕል ምስ ዘብሉ ጀጋኑ ስፖርተኛታት ጎኒ ጠጠው ብምባል ምብርትታዕ ከምዝግባእ ተዛሪበን፡፡

ሚኒስትር ባህልን ስፖርትን ወይዘሮ ሽዊት ሻንካ ብወገነን፣ እቶም ስፖርተኛታት ምድላው ኣብ ዝገብርሉ እዋን ኣብ ኣካዳሚ ስፖርት ኢትዮጵያ ተረኺበን ነቶም ኣትሌት ኣበረታቲዐን እየን፡፡ ኣብቲ እዋን ታሪኽ ተሳትፎ ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ብዓወት ከምዝተዛዘመ ብምዝካር፤ ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝካየድ ውድድር እዚ ዓወት ብምቕፃል ባንዴራ ኢትዮጵያ ልዕል ብምባል ሃገርም ከምዘፀዉዑ እምነተን ገሊፀን እየን፡፡

ናይቲ ጉጅለ ኣትሌታትን ኣሰልጠንትን ነዚ ዓለም ለኸ ውድድር እናገበርዎ ዝነበሩ ምድላው ኣብ ፓሪስ ንምምዝጋብ ትልሚ ከምዘለዎም ገሊፆም ‘ዮም፡፡ ናይ ማእኸላይን ነዉሕን ርሕቐት ኣሰልጣኒ ሕሉፍ ይሕደጎ፤ ንኽልተ ኣዋርሕ ብዝተፈላለየ ፀባይ ኣየር ምድላዎም እናገበሩ ከምዝፀንሑን እቶም ኣትሌታት ‘ውን ብጉጅለን ብውልቐን ውፅኢት ንምምፃእ ከምዝተዳለዉ ገሊፆም ‘ዮም፡፡

ካልእ ናይቲ ጉጅለ ኣሰልጣኒ ቶሌራ ዲንቃ ፤ ቅድሚ ኸዚ ኣብ ሲድኒን ለንደንን ኦሎምፒክ እናቐነሱ ዝመፁ ውፅኢት፤ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ንምመላስ ክፍተታት ንምፍላይ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡ ዝሓሸ ውፅኢት ንምምዝጋብ ክሳብ መጨረሻ ጠንኪሮም ከምዝሰርሑን እቶም ኣትሌታት ‘ውን ምድላዎም ብፅቡቕ ቅዋምን ካብ ጉድኣት ነፃ ብምዃን ልምምድ እናካየዱ ከምዝነበሩ ኣረዲኦም፡፡

ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋይ፤ ሓጎስ ገብርሂወትን ሃፍታም ኣለሙን ነቲ ውድድር ምድላዎም ብኣግባቡ እናሰርሑ ከምዝኾኑ ብምዝራብ ፅቡቕ ውፅኢት ንምምዝጋብ ጠንኪሮም ከምዝሰርሑ ቃል ኣትዮም ‘ዮም፡፡

## መናእሰይ ብስነ ምግባር እትሃንፅ «ቴኳንዶ ለሁሉም» ዝተብሃለት መፅሐፍ ንንባብ በቒዓ

**ሄርሞን ፍቃዱ**




ኣዲስ ኣበባ፡- መናእሰይ ብስፖርትን ስነ ምግባር እትሃንፅ ‹‹ቴኳንዶ ለሁሉም›› ዝተብሃለት መፅሐፍ ንንባብ በቒዓ፡፡እታ መፅሐፍ ብግሎባል ማስተር ኣረፋይኔ ወልደሚካኤል ተፃሒፋ ኣብዚ ሰሙን እዚ ተመሪቓ ኣላ፡፡

መንእሰይ ግሎባል ማስተር ኣረፋይኔ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከም ዝበሎ፤እታ መፅሐፍ ካብ ጥበባት ማርሻል ኣርት ሓደ ዝኾነ ኣብ ጥበብ ቴኳንዶ ዘድሀበት ‘ያ ምስ በለ፤ንቐፃሊ ብቋንቋ ትግርኛን ካልኦትን ክትትርጎም ‘ያ ክብል ሓቢሩ፡፡

ግሎባል ማስተር ከም ዝበሎ ብስፖርታዊ ጥበብ ቴኳንዶ ዝተፈላለየ ሜላታት ብምጥቃም ዓርስኻ ንምክልኻልን ንምጥቃዕን ብብዙሕ ልምምድ ዝስራሕ ጥንታዊ ዓይነት ስፖርት ‘ዩ ክብል ተዛሪቡ፡፡

እዚ ስፖርታዊ ጥበብ ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ወለዲ ንደቆም ዝመርፅዎ ዓይነት ስፖርት ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፤ምኽንያቱ ድማ ኣካላዊ ብቕዓት ካብ ምህናፅ ሓሊፉ ጥንካረ መንፈስ ዘላብስ ከምኡ ‘ውን ሕግን መምርሕን ኣኽባራይ ንምዃን ዝሕግዝ ‘ዩ፡፡

ጥበብ ቴኳንዶ ምምሃር ብዋናነት ብስነ ምግባር ዝተሃነፀ ወለዶ ንምፍራይ ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ከም ዘለዎ ዝሓበረ ግሎባል ማስተር ኣረፋይነ፤በዚ ዘፈር ስፖርት ሃገር ተወዳዲራ ተዓዋቲት ንኽትከውን ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ከም ዘለዎ ሓቢሩ፡፡

ኣብዚ ሐዚ እዋን ሃገርና ብወርልድ ቴኳንዶ ተወዳዲራ ናብ ኦሎምፒክ ከም ዝኣተወት ብምዝኽኻር፤ውፅኢታዊት ንኽትከውን ድማ በዚ ዘፈር ሰገናት ንምፍራይ ብፍልጠት ዝተሓገዘ ስልጠና ንክረኽቡ እዛ መፅሓፍ መሰረት ከም ዝኾነት ኣረዲኡ፡፡

ጥበብ ማርሻል ኣርት ኣብ ሓሙሽተ ከም ዝምቀል ዝገለፀ እንትኸውን፤ቴኳንዶ፣ኢንተርናሽናል ቴኳንዶ፣ዉሹ፣ካራቴ፣ ጁዱ ተባሂሎም ከም ዝም ዝፅውዑ ብምሕባር፤እታ መፅሓፍ ብፍላይ ኣብ ጥበብን መምርሕን ቴኳንዶ ብዝርዝር ከም እተድህብ ኣረዲኡ።

ካብ መንጎ እቶም መምርሕታት ንሀገርኻ ተኣማኒ ምዃንን ንስድራኻ ምእዙዝ ምዃንን ካልኦት ጠቓምቲ እሴታት ከም ዘጠቓለለትን ብምግላፅ፤ኹሉ ተምሃራይ ቴኳንዶ ትምህርቱ እንትዛዝም ካብ መንጎ ዝፍፅሞም ቃለ መሓላታት ሰላማዊት ዓለም ክፈጥር ‘የ ዝብል ሓደ ምዃኑ ሓቢሮም፡፡

ኣፍቲ ምርቓ መፅሓፍ ዝተረኸቡ ሓላፊ ወርልድ ቴኳንዶ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣይተ ጥላሁን ዋሲሁን ብወገኖም፤ጥበብ ቴኳንዶ ጥንካረ ኣካል ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ፈጠራ ኽእለትን መንፈሳዊ ጥንካረን ዘጎንፅፍ ‘ዩ፡፡ብፍላይ ሰገናት ብፅቡቕ ስነ ምግባር ንምህናፅ ሓጋዚ ስለዝኾነ ጎናጎኒ ትምህርቶም ናብዚ ስልጠና እንተኣትዮም ካብ ባዕሎም ሓሊፎም ሃገሮም በዚ ዘፈር ከፀውዑሉ ዝኽእሉሉ ኣጋጣሚ ክፈጥሩ ይኽእሉ ‘ዮም ኢሎም፡፡

ኣፍቲ መፅሐፍ ከም ዝተጠቀሰ ጥበብ ቴኳንዶ ኣብ ዝኾነ ዕድመ ንዝርከቡ ሰባት ብዓቕሞም ክምሃርዎ ዝኽእሉ ጥበብ ከም ዝኾነን፤ንምምሃር ሓሳብ ዘለኩም ወይ ድማ ደቅኹም ክተምህሩ እትደልዩ ፈለማ መሰረታዊ ፍልጠት ንምርካብ እታ መፅሓፍ ሓጋዚት ከም ዝኾነት ሓቢሮም፡፡

ግሎባል ማስተር ኣረፋይኔ እታ መፅሓፍ ቐድሚ ሓደ ዓመት ብሞት ንዝተፈለየት ንእሽተይ ሓፍተይ መዘከርታ ትኹነለይ ኢሎም፡፡

## ባህላዊ ቁኖ መግለፂ ፅባቐ ጎርዞ ትግራይ

## መኣዲ ጥበብ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ሓደ ሕብረተሰብ መግለፂ መነባብሮኡን መንነቱን ዝኾኑ ባህልታት ኣለውዎ። ንስነ-ቃሉ፣ በዓላቱ፣ ባህላዊ ኣልባሳቱን መጋየፅታቱን ዓብይ ክብሪ ሂቡ ድማ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ የሰግሮም። ቁኖ ድማ ሓደ ካብኦም ሓደ ‘ዩ። ሕብረተሰብ ዓቂቡዎም ዝመፅአ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ቁኖ ኣለውዎ። እቶም ቁኖታት ብክሊ ዕድመ ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ፤ በብኸባቢኡ ድማ ዝተፈላለየ ስያመን ትርጉምን ክህልዎም ይኽእል። ካብቶም ብዙሓት መግለፂ ፅባቐ ቁኖ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዝኾኑ ከምኡ ድማ ኣብዝሓ ጎርዞታት ዓድና ዝጥቀማሉ ዝፍለጡ ዓይነታት ቁኖ እስኪ ንርአ፡፡

ጭንጉዕቲ [ልፃይ]፤ ጭንጉዕቲ ኣብ ማእኸል ዝተላፀየን ብዝተወሰነ መልክዑ ድማ ኣብ ማእኸል ዘይተላፀየ ፀጉሪ ዘለዎን ‘ዩ። እዚ ሓንቲ ጓልኣንስተይቲ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽድሽተ ዓመት ዝመልኣ እትቑነኖ ቁኖ ‘ዩ። ጭንጉዕቲ ኣብ መብዛሕትኡ ክፋል ትግራይ ልሙድን ትርጉም ዘለዎን ኣለዎ።

ጋመ ፤ ጋመ [ጋመ ዓረብ] ብብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ይዝውተር። ኣብ ቅድሚት ኣርባዕተ ወይ ድማ ሓሙሽተ ተለላ ንጎኒ ዝቑነን እንትኸውን እቲ ዝተረፈ ድማ ንድሕሪት ይቑነን። ጋመ ካብ 14 ክሳብ 20ታት ዘለዋ ዝተሓፀያ ኣዋልድ ዝቑነነኦ ‘ዩ። እዚ ቁኖ ኣብ ኤርትራን ትግራይን ልሙድ ‘ዩ። ቁኖ ጋመ ሰለስተ ብርክታት ኣለውዎ፤ ጋመ ዓረብ፣ ጋመ ጭንጉዕትን ጋመ ዕማሞን።

ሳድላ፤ ኣብ ማእኸላይ ዕድመ ትርከብ ጓልኣንስተይቲ ሳድላ ትቑነን ። ሳድላ ከም ጋመ ሰለስተ ንጎኒ ዝቑነን ኮይኑ፡ ኣብ ማእከል ድማ ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ንድሕሪት ብፍሩይ ይቑነን። ነዘን ኣብ ሞንጎ ፍርይ ኢለን ዝቑነና ቁኖታት ኣብ ገለ ከባብታት ስንቅር ተብሂለን ይፅውዓ።

ግልብጭ፤ ኩሉ ንድሕሪት ዝቑነን ቀጢን ቁኖ ኮይኑ ኣብ ጫፉ ግና ዘይተደርመመ ‘ዩ። ግልብጭ ከምቶም ካልኦት ቁኖታት ካብ 30 ክሳብ 45 ዝዕድሚኣ ጓል ኣንስተይቲ ትቑነኖ። ኣብ ከባቢ ራያ “ቀዳመ ሰናብቲ እንታይ እነሀኪ ዕዮ፡ ግልብጭ ተቐኒንኺ ጥስም ደይትብልዮ” ከምዝበሃል’ውን ይዝረብ፡፡

ኣልባሶ፤ ቁኖ ኣልባሶ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ትሽዓተ ተለላ ዝሓዘ ፍሩይ ቁኖ ‘ዩ ። እዚ ቁኖ ካብ ርሑቕ ዝልለ፣ ናብ ዓይኒ ዝኣቱ ዓይነት ቁኖ ምዃኑ ይግለፅ። ኣብ ሞንጎ ኣልባሶ ከከም ድሌት እተን ደቂኣንስትዮ ሓደ ወይ ክልተ ስንቅር ምሕዋስ ወይ ድማ ሳርጌታ (ብዓምዲ ዝተተሓሓዘ) ምግባር ይከኣል። እዚ ቁኖ ዝበዝሓ ደቂኣንስትዮ ብዘይ ኣፈላላይ ዕድመ ንክቑነና ዝመርፀኦ ‘ዩ።

ዓሳ፤ ዓሳ ካብቶም ኣዝዮም ፍቱዋት ዝኾኑ ቁኖታት እቲ ሓደ ‘ዩ። ዓሳ ኣብ ማእኸል ሓንቲ ኣልባሶ ብምግባር እቲ ዝተረፈ ንጎኒ ‘ዩ ዝቑነን። ብጎኒ ተወሳኺ ኣልባሶ ብምውሳኽ በዓል ሰለስተ ኣልባሶ ዓሳ ምቑናን’ውን ይከኣል። ዓሳ ኣብ ኩለን ከባብታት ትግራይ ልሙድ ክኸውን ከሎ፤ ኣብ ንእስነትን ማእኸላይ ዕድመን ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ እየን ዝቑነንኦ።

ድርማሞ፤ ድርማሞ ንድሕሪት ተቐኒኑ ጫፉ ድማ ብማዕሪ ዝኽምበት ወይ ድማ ዝድርመም ዓይነት ቁኖ ‘ዩ። እዚ ኣብ ብዙሓት ከባብታት ዝተለመደ ዓይነት ቁኖ ክኸውን ከሎ፤ ልዕሊ 30 ዝዕድሚኣ ጓል ኣንስተይቲ ክትቁነኖ እትኽእል ዓይነት ቁኖ’ዩ።



ሰለላ ፤ እዚ ዓይነት ቁኖ ድማ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብተመሳሳሊ መጠን ኣፈላላይ ዝውዳእ ‘ዩ። ኣብ ሰለላ ኣብ ቅድሚት ዝግበር ጋመ የለን። እዚ ዓይነት ቁኖ ሰፊሕ ዕድመ ዓልኣንስተይቲ ዝሸፍን እንትኸውን፤ ካብ 20 ክሳብ 45 ዝዕድሚኣን ይቑነንኦ ። ቁኖ ሰለላ ኣብ ከባብታት ጡሙጋ፣ ኣላማጣን ዋጃን ኣዝዩ ልሙድ ‘ዩ።

ሰርጌቶ (ሰርጌታ)፤ ጨጉሪ ርስኢ ሙሉእ ንሙሉእ ንድሕሪት ምስ ተቖነነ ኣብ ግምባር ብሓንቲ ዘለላ ኣብ ማእኸል መራኸቢ ብዘይብሉ ዝእሰር ‘ዩ። ሰርጌታ ልዕሊ 20ን ትሕቲ 60ን ዝኾና ደቂኣንስትዮ እየን ዝቑነንኦ።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ